# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.271 | ሓሙስ 13 ሓምለ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2

ጋዜጣዊ መግለጺ ማሕበረሰብ ኤርትሮ-ጀርመን

ገጽ 3

ስነ-ስርዓት መመረቕታ ተመሃሮ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ





ገጽ 4

"ስነ-ስረታዊ ብዙሕነት ኣብ ኣፍሪቃ፡ ንመላእ ህዝቢ ዓለም . . .





ገጽ 5

ተመሃሮን ክረምታዊ ዕረፍቲን





ገጽ 7

ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ተዛዚሙ






# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ኣኼባ መራሕቲ መዳውብቲ ሃገራት ሱዳን ንምስታፍ ናብ ግብጺ ገይሹ

## - ምስ ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ደ/ሱዳንን ሚ/ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ግብጺን ርክባት ኣካይዱ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብዕድመ ፕረዚደንት ዓብዱልፋታሕ ኣልሲሲ፡ ኣብ ኣኼባ መራሕቲ መዳውብቲ ሃገራት ሱዳን ንምስታፍ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ናብ ግብጺ ገይሹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ እታ ሃገር ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ሚኒስተር መንእሰያትን ስፖርትን ግብጺ ዶክተር ኣሸረፍ ሱብሒ ተቐቢልዎ።

ሎሚ 13 ሓምለ ኣብ ካይሮ ዝጋባእ ኣኼባ መራሕቲ መዳውብቲ ሃገራት ሱዳን፡ ኣብ ሱዳን ተኸሲቱ ዘሎ ዕጥቃዊ ግጭት መዕለቢ ኣብ ዝረኽበሉ መንገዲ ንምዝታይ ዝዓለመ እዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ምስ ፕረዚደንት ሪፓብሊክ ደቡብ ሱዳን - ሳልቫኪር ሚያርዲትን ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሪፓብሊክ ግብጺ - ሳምሕ ሹክሪን ኣብ ምፍታሕ ጉዳይ ሪፓብሊክ ሱዳን ዘተኮረ ርክብ ኣካይዱ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ኩለን መዳውብቲ ሃገራት ሱዳን - ማለት ግብጺ፡ ኤርትራ፡ ሊብያ፡ ጫድ፡ ኢትዮጵያ፡ ሪፓብሊክ ማእከላይ ኣፍሪቃ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ከምኡ'ውን ኣቦ-ወንበር ኮሚሽን ሕብረት ኣፍሪቃን ዋና ጸሓፊ ማሕበር ሃገራት ዓረብን ክሳተፉ ትጽቢት ይግበር።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሮም ተጓዒዞም ኣለዉ።









# መስርሕ ምርባሕ ንህቢን ዕቃበ ኣከባብን እተዘንቱ መጽሓፍ ተመሪቓ

ናብራ ወዲ-ሰብን ንህብን ብምውሳብ፡ ንሱ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ሕርሻ ብፍላይ ከኣ መስርሕ ምርባሕ ንህቢን ዕቃበ ኣከባብን እተዘንቱ - 'ዋዕላ ንህቢ' ዘርእስታ መጽሓፍ፡ ብ9 ሓምለ ኣብ ከተማ መንደፈራ ተመሪቓ።

ኣብ'ቲ ሰብ ሞያ ሕርሻን ሓረስቶትን ዝተረኽቡሉ ስነ-ስርዓት፡ ደራሲ'ታ መጽሓፍ ኣቶ ኣስመላሽ ኣስገዶም፡ መጽሓፍ 'ዋዕላ ንህቢ' ኣብ ውህሉል ፍልጠቱን ናይ ስራሕ ተመኩሮኡን ተመርኲሱ፡ ንጥቡቕ ናብራን ባህልን ንህቢ ከምኡ'ውን ንጠንቅን ሳዕቤናትን ብርሰት ኣከባቢ ንምግላጽ ብልቡወለዳዊ ኣገባብ ከምዝዳለወ ሓቢሩ።

ኣብ ሞንጎ ወዲ-ሰብ፡ ኣከባቢን ንህብን ዝሎ ምትእስሳር ብምግላጽ፡ ሕብረተ-ሰብ ንተፈጥሮ ብኣገባብ ንኽናብዮ ዝዓለመት ምዃና እውን ኣረዲኡ።

ምስትምቃሩ ኣብ'ታ መጽሓፍ ዘቕረበ ደራሲን ጋዜጠኛን ተስፋኣለም ጉብረስላሰ ብወገኑ፡ እታ መጽሓፍ ንምኒላታት ምሕደራ፡ መራሕቲ፡ ናይ ስራሕ ተኻፋልነትን ዲሲፕሊንን ንህቢ፡ ከምኡ'ውን ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ፍወሳ ማይ-ኮዓታት፡ ምግራብን ዳግመ-ምግራብን ኣብ ምስሳን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት ዘለዎ ተራ ብኣብነት እተንጸባርቕ፡ መሃሪት ምዃና ኣብሪሁ።

ኺኣስ ምርባሕ ንህቢ ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ንምምዕባሉ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ መጽሓፍ 'ዋዕላ ንህቢ' ኣገዳሲ ተራ ከምዝህልዋ ዘረጋገጹ ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ተፈጢሩ ዘሎ ክሊማዊ ለውጢ ዘስዕቦ ዘሎ ፅንወትን ንምፍዋሱ ወሀድ ምትሕብባር ከምዘድሊን - እተዘየናኽር ምዃና ገሊጾም።

# ዓረዛ - ትካላት ትምህርቲ ንምስፋሕ ውጽኢታዊ ስራሕ ይቕጸል

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ፡ ትካላት ትምህርቲ ንምስፋሕን ብቐዓት ተመሃሮ ንምምሕያሽን ዝዕደድ ጻዕሪ ኣተባባዒ ወጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ፡ ኣብ ዝተገበረ ገምጋም ተገሊጹ።

ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ተስፋሂወት ወልደገርግሽ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023 ኣብ ዓዲ-ወሰኽ ማእከላይ ደረጃ፡ ኣብ ጉ-ድንጉርዕባል ናይ ቅድመ ትምህርቲ፡ ኣብ ከተማ ማይ-ድማ ድማ - ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ዝግልገሉለን ሓደስቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣገልግሎት ምጅማረን፡ በብከባቢኡ ዝጸንሐ ጸገማት ከምዝተቓለለ ኣረዲኡ።

ሎሚ ዓመት ካብ ቀዳማይ ክሳብ 11 ክፍሊ ካብ ዝተመዝገቡ 25,739 ተመሃሮ፡ እቶም ኣስታት 90 ሚእታዊት ናብ ዝቕጽል ደረጃ ከምዝተሓለፉ ዝሓበረ መምህር ተስፋሂወት፡ ኣብ ዓዲ-ወሰኽ ናይ ምምሃር ዕድመ ሓሊፍዎም ዝጸንሑ 140 ቆልዑ፡ ብመደብ ዓረዳት ከምዝርከቡ ንምግባር ዝተጀመረ ስራሕ ጽቡቕ ከምዝቕጸለ ሓቢሩ።

ተቐማጦ'ቲ ከባቢ ንመስርሒ ተወሰኽቲ ክፍሊታት ዝውዕል 693 ሽሕ ናቕፋ፡ ንመሃብሮ መማህራን ዝኸውን ድማ 205 ኩንታል እኽሊ ከምዘወፈዩ ዝገለጸ መምህር ተስፋሂወት፡ ብቐዓት ተመሃሮ ንምምሕያሽ ዝግበር ጻዕሪ ንኽዕወት፡ ምክትታል ወለዲ ክዓዚዝ ተላቢዩ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ህብትዝጊ ኪዳነ መንግስቲ፡ ኣብ ጽላት ትምህርቲ ዝሰርሮ ዘሎ ወፍሪ ብሕብረተሰብ እውን ደገፍ እናተገብረሉ ኣብ ቀጻሊ ዕቤት ከምዝርከብ ብምጥቃስ፡ ብመንጽር'ቲ ዝግበር ዘሎ ወፍርን ጻዕርን፡ ብቑዓትን ተወዳደርትን ተመሃሮ ንኸፈርዩ ርሒብ ዕድል ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ሪፖርታዥ

# ስነ-ስርዓት መመረቕታ ተመሃሮ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)
ስእሊ፦ ሳልሕ ዓብደልቃድር

ዘለናዮ ወቕቲ፡ ተመሃሮ፡ ፍረ ጻማ ናይ'ቲ ዓመት ምሉእ ዝጸዓሩሉ ትምህርቲ ወጽኢት ዝሓፍሱሉ እዩ፡ ብፍላይ ኣብ ተመሃሮ ኮለጃት - ስነስርዓት መመረቕታን ምዕዋል


ፕ/ር ወልደኣምላኽ ኣርኣያ

ወረቓት ምስክርን ይካየድ ኣሎ። ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ንመበል 16 ግዜኡ፥ ምዕሩግ ስነስርዓት መመረቕታ ኣካይዱ።

ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ኣብዚ ናይ ለሚ ዓመት መመረቕታኡ፥ ብሰነዘራእቲ፡ ስነእንስሳ፡ ጥዕና ኣትክልቲ፡ ስነኣሕምልትን ፍሬታትን፡ ሃብቲ መሬትን ኣከባብን፡ ብስነመግዛእቲ ተክኖሎጅን ዘምሃሮም 410 ተመሃሮ እዩ ብማዕርግ ዲግሪን ዲፕሎማን ኣመሪቑ ዘሎ።

ብወገና፡ ነቲ ስነስርዓት መመረቕታ ንምክትታል፡ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዜና ምስ ተበገስና፡ ከተማታት ኣዲ - ደጊ፡ ወይዱደጋን ቆላን እናኣስተማቐርና፡ ድሕሪ ናይ 2 ሰዓትን ፈረቓን ኢና ከረን በጺሕና። ዝኣክል ግዜ ኣዕሪፍና፡ ኣማዒዱ ጉዕዞና ንሸነኽ ሰሜን ቀጺልና፡ ድሕሪ ናይ ፍርቂ ሰዓት ጉዕዞ፡ ኣብ'ቲ ካብ ከረን ንሸነኽ ሰሜን 15 ኪ.ሜ ርሒቓ ኣብ እትርከብ ሓውሲ ከተመ ሓመልማሎ ተደኲኑ ዝርከብ ኮለጅ ሕርሻ በጺሕና። ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ድማ፡ ነቶም ኣብ ቀጻሊ ህንጻን ልምዓትን ሃገር ልዑል እጃም ዘሀልዎም ንዑመታት ሓቝፉ መልማሊኡን ኣምሂሩን ኣብ ደረጃ ምምራቕ ዘበጽሖም ተመሃሮኡ ንምምራቕ ክዳሎ ጸኒሑና። ምዉቕ ኣቀባብላ ተገይሩልና ከኣ ናብ ዝተዳለወልና መዕረፊ ኣምሪሕና።

ቀዳም 8 ሓምለ 2023፡ ተመረቕቲን ወለዲን ሰዓት መመረቕታ ዝደንጎዮም ከምስሉ ብንግሆኡ ኣብ ሰፊሕ ቅርዓት'ቲ ኮለጅ ተዘሪኦም ወክሎሃሕ ክበሉ ኢና ተዓዚብና። ሰዓት ኣኺሉ ድማ፡ ፈለማ መማህራን፡ ሰብ ስልጣን መንግስቲን ግንባርን፡ ኣባላት ማሕበረሰብ ናይ'ቲ ኮለጅ፡ ዕድመ ዝተገብረሎም ኣጋይሽን ወለድን ቦታኦም ምስ ሓዙ፡ ተመረቕቲ ብዕልልታን ድምቕ ጨብጨባን ተሰንዮም ኣብ ዝተዳለወሎም ሰፍራ ብኽብሪ ቦታኦም ሓዙ። መደብ ስነስርዓት መመረቕታ ከኣ፡ ብወግዒ ብዘኽሪ ሰማእታት ተኸፊቱ።

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ፡ ዶክተር ሃይለ ምሕጹን ፈጻሚ ዳይረክተር ትካላት ሳዕለዋይ ትምህርቲን ምርምርን፡ ኣማሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስቲን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ኣባላት ትካል ላዕለዋይ ትምህርቲን ምርምርን፡ ሓለፍቲ ኮለጃትን ወለዲ ተመረቕቲን ኣብ ዝተረኽብሉ እማባኣር፡ ዲን ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ኣርኣያ ንተመረቕቲን ወለድን የሓና! ብምባል መደረኡ ፈሊሙ።

“ኣብ ሃገርና ጽላት ሕርሻ ዓንዲ-ሕቖ ቀጠባ ከምኡ'ውን ምንጪ መኻብሮ ናይ ዝበዝሐ ህዝቢ እዩ” ዝበለ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ፡ እንተኾነ፡ ሕብረተሰብና ዝኽተሎ ኣገባብ ማሕረስ ጌና ኣብ ያታዊ ኣገባብ ዝተመርኰሰ ስለዝኾነ፡ እቶትን እቶታውነትን ኣዝዩ ትሑት ከምዝኾነ ኣረዲኡ። ሕብረተሰብና ካብዚ ድሑር ኣገባብ ክላቓቕ፡ ተራ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ዕዙዝ ምዃኑ ብምግላጽ ከኣ፡ ብወገኑ'ም ሳይንስን ቴክኖሎጅን ሕርሻ ዝወነቑ ሞያውያን ኣብ ምፍራይ ኣብ ከቢድ ጻዕሪ ከምዝርከብ ኣብሪሁ።

ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ኣስዒቡ፡ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ለሚ ዓመት ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣመሪቕዎም ዘሎ - 216 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 410 ተመሃሮ፡ ከም'ቶም ቅድሚኦም ዝተመረቑ ዜጋታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዕማማት ሕርሻ፡ ምርምር ምድንፋዕ እቶት ሕርሻ፡ ምድንፋዕ ተፈጥሮኣዊ ሃብትን ኣከባቢን ተመዲቦም፡ ካብኦም ዝጽበ ኣበርክቶ ክገብሩ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ገሊጹሎም።

ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ለሚ ዓመት 54 መማህራንን 37 ናይ ምምሕዳር ሰራሕተኛታትን እዮም ነይሮምዎ። እዚ ምስ'ቲ ዝሓለፈ ዓመት ዝበረ ቀጽሪ ዓቕሚ ሰብ ክወዳደር እንከሎ ቀሩብ ከምዝጐደለ፡ ኣብ ኣካዳሚ ዝጸፉ ዓቕሚ ኣባላት ድማ፡ 57.5 ሚእታዊት ደቂ ሃገር፡ ዝተረፉ 42 ሚእታዊት ከኣ ወጻእተኛታት ምዃኖም ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ሓቢሩ። መማህራን ብመንጽር ደረጃ ትምህርቶም ክርኣዩ እንከለዉ ከኣ፡ 27 ናይ ዶክትሬት መዓርግ ዘለዎም፡ ካብዚኦም 10 ደቂ ሃገር 17 ድማ ወጻእተኛታት እዮም። ናይ ማስትረይት መዓርግ ዘለዎም ከኣ 23 ኮይኖም፡ ካብኣቶም 17 ደቂ ሃገር፡ 6 ወጻእተኛታት ክኾኑ እንከለዉ፡ 4 ቀዳማይ ዲግሪ ዘለዎም ኣባላት ደቂ ሃገር ደማ ኣለዉ።

መንግስቲ ኤርትራ፡ ዓቕሚ ሰብ ንምምዕባል ልዑል ወጻኢታት ሰሊዑ፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ብርክት ዝበሉ መማህራን እቲ ኮለጅ ናብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ሰዲዱ ከምዝምህር ዝተከቶሰ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ፡ ኣብዚ እዋንዚ 14 ብደረጃ ዶክትረይት፡ 6 ብማስትሬት ደረጃ፡ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ተላኢኾም ትምህርቶም ኣብ ምክትታል ከምዝርከቡ ኣረዲኡ። ብዘይካዚ ኣቐዲሞም ካብ ዝተላእኩ 3 ብደረጃ ዶክትሬት 3 ከኣ ብማስትሬት ትምህርቶም ዛዚሞም ናብ ሃገሮም ተመሊሶም የገልግሉ ምህላዎም ወሲኹ ኣረዲኡ። እቲ ኮለጅ፡ ተጸባይነት ወጻእተኛታት መማህራን ንምንካይን ዓቕሚ ሰቡ ንምምዕባልን ቀጻሊ ጻዕሪ የካይድ ምህላው ብምሕባር ድማ፡ ዚ ንምገልበት ኣብ ወሽጢ ሃገር ዝወሃብ መደብ ናይ ድሕሪ ምረቓ ኣገዳሲኡ፡ ብምርዳእ፡ ኣብ ዝመጽእ ዓመት ትምህርቲ፡ ንማስትሬትን ዶክትሬትን ብዓወድታት ሕክምና እንስሳ፡ ጥዕና ኣታኽልቲ፡ ስነመግዛእቲ ተክኖሎጅን ክመሃሩ፡ ናብ ፊደራሽን ሩስያ፡ ሃንጋሪን ታይላንድን ንክኸዱ ምድላዋቶም የጻፍፉ ምህላዎም ገሊጹ።

ዲን ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ኣርኣያ ኣብ መወዳእታ፡ ተመረቕቲ - መመረቕታ መጀመርታ ናይ ዘይተርእዩ ዕድላትን ብደሀታትን ምዃኑ ተረዲኦም፡ ፍልጠቶም ንምዕባይ ወትሩ ክጽዕቱ፡ ትምህርቲ ምስ ግዜ ዝቀያየር፡ ምስ ሕርሻዊ ተክኖሎጂን ምዕቃብ ባህርያዊ ሃብትን ዝምዕበል ምዃኑ ብምርዳእ ንምዕባሉኦም ክሰርሑ፡ ኣብ ኮለጅ ዝቐሰምዎ ፍልጠትን ክእለትን ኣብ ግብሪ ንምትርጓም ሓያል ጻዕሪ ክገብሩ፡ ኣብ ዝተዋፈርሉም ዓውዲ ስራሕ ብኣበርክቶ ዝጥቀስ ኣበርክቶ ክገብሩ ተላብዩ።

ኣብቲ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት ተረኺቡ ቃል ዘሰምዐ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርሀ ብወገኖም፡ ንተመረቕቲን ወለዲን “ፍረ-ጻማኹም ክትሓፍሱ እንቋዕ ኣብቅዓኩም የሓና!” ድሕሪ ምባል፡ ተመረቕቲ ምስ ደረጃኦም ዝሰማማዕ ፍልጠትን ተሞክሮን ደለቦም ፍረ ዓወቶም ይሓፍሱ ምህላዎም ብምምልካት፡ ኣቐዲሞም ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ዝተዋፈሩ ብጾቶም ኣብቲ ኮለጅ ብዝደለቡዎ ፍልጠትን ተሞክሮን መጠነ ብዙሕ - ኣብ ልምዓት ሃገር ብሓፈሻ ምርግጋጽ ውሕስ መኣዘዊ መግቢ ድማ ብፍላይ፡ ዓቢ ኣበርክቶ ይገብሩ ምህላዎም ኣረዲኡ።

ሚኒስተር ኣረፋይነ ኣስዒቡ፡ ኣብዚ እቲ ኣገዳሲ ኣርእስቲ - ጉዳይ መኣዘንታት ፍርያት ሕርሻ ኮይኑ፡ ብሕልፊ ካብ 6 ወርሒ ክሳብ 5 ዓመት ዝዕድመኦም ህጻናት ኣዝዩ ኣገዳሲ ምዃኑ፡ ምስ ኣብ ኻስ-ወለዶ ከበሳ ዝዑረ ምቁር ድኻሽን ዱባ፡ ምስ ኣትክልቲ ኣሕምልቲን ፍረታትን እንስሳታትን ወጽኢቶምን ወሲኺ፡ ዘለና ሕጽረት መኣዘዊ መግቢ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክብሩሒ ኣብ ክንብሎ ዘለና ሕጽረት ከነረጋግጽ ዘበላ... 

መኣዘዊ መግቢ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ክንፈትሖ ጸገም ከምዝይኾኑ ኣረዲኡ። ቀጺሉ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከበታት ሃገርና ዝፈርዩ ፍርያት ኣትክልቲ መኣዘዊ ትሕዝቶኦም እንተለዓልና፡ ኣዮናይ ምስ ኣዮናይ ሓፂኻ ምስ እትምገቦ ሰብነት ዘድልዮ መኣዘ ዝረኽብ? እንታይ ፍርያት ምስ ዝወሰኾዩ ምሉእ መኣዘ ዝርከቦ? ንዝብል፡ ብምርምር ዝፍታሕ ግድል ምዃኑ ኣገንዘቡ። ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ - ብመንገዲ ዓውዲ ክፍሊ ኣመጋግባ ብዙሕ ይሰርሓሉ ምህላውን ክድፈኣሉ ከምዘለዎን እውን ኣተሓሳሰበ። ኣብ መደምደምታ ከኣ ተመረቕቲ፡ ብልዑል ተበግሶን ፍናንን ዝተመሃርዎ ብቴክኖሎጂ ተሓጊዞም ውሑስ መኣዘዊ መግቢ ኣብ ምርግጋጽ እጃሞም ከበርክቱን ብኡ ኣቢሎም፡ ብጾ ዘምሃርዎም ህዝቢን መንግስቲን ክኽሕሱን ተላብዩ።

ብገዛእ ዝይትመን ጻዕሪ ብግዜ ዘይዕቀን ጉዕዞ ትምህርቶም ብስሉጣዊ ሓዲድ ተቐሊሶ ዘይብጽሕ ዝማስል ክጸሓሑ፡ ሞተር ኮይናም ዘሰለፉ ወለዲን መማህራንን ብስም ተመረቕቲ ምስጋናኣ ዘቕረበት ደማ ወከል ተመረቕቲ እያ። ተመረቕቲ ኣብ ጉዕዞ ትምህርቶም ዘጋጥሞም ጸገም በዲህም፡ ካብ እግሪ ተኺሊ ኣጠራሶም ዋሕሉናን ከቢዱናን ከደቡሉ ብቕድሚት እናመርሑ ብድሕሪት እናኾብኮቡ ዘሰለፉ ወለዲ፡ ሞያኦምን ሕልናኦምን ዘፍቀዱ ጥበብ ተዓጢቖም ዓመት መጻኢ ብሉጻት ዜጋታት ዘፍርዩ መማህራን ብስም ተመረቕቲ ብዶታ ልዑል ምስጋናኣ ኣቕሪባ።

ብድሕሪ እዚ፡ ንገለ ተመረቕቲን ወለዲ ተመረቕቲን ሓገሶም ከፋፍሉና ተወከስናዮም ነይርና። ተመሃሪት ፍትሓዊት ደሳለ ተመረቕቲት ዓውዲ ሰነ-ኣዝርእቲ ኮይና፡ ካብ'ቲ ኮለጅ ብልዑል ነጥቢ 3.44 ክትምረቕ ዝበቕዐት እያ። ምስጢር ዓወታ ከተካፍለና ሓቲትናያ። ብሰላ ሓያል ጻዕራን ልዑል ደገፍ ወለዳን መማህራናን ተደሚሮ ዝሓፈሰቶ ዓወት ምዃኑ ገሊጻትልና። ኣብ ዝኣተዎ ስራሕ ኣሚኑ ብትግሃትን ብዘይተገላባጦትን ተወፊዩ ዝጽዕት ሰብ፡ ወጽኢት ጻዕሩ ዓወት ምዃኑ ዝሓበረት ፍትሓዊት፡ ሕጂ ተሪፋዋ ዘሎ ዕማም ካሕሰ ናይ'ቶም ብናጻ ዘምሃርዋ ህዝብን መንግስትን ምዃኑ፡ ዚ ከኣ ብምሉእ ሃምን ቀልብን ተዋፊያትሉ ምህላዋ ኣረጋጊጻትልና።

ዝሃበየ ጸጋ ወላዲ፡ ፍረ ጻማ ወላዲ ክርኢ እንከሎ እዩ። ፍትሓዊት ምስ ወለዳ ኣቶ ደሳለ ተኽለን ወይዘሮ ከበድ ዘድግሞልን ኣብ ገጾም ሓገስ ዝመልኦ መንፈስ እናተንበበ ርኺብና ደስታኦም ከፍሉ ሓቲትናዮም። ዓወት ጓሎም ብቐንዱ ካብ ቀዳማይ ክሳብ 12 ክፍሊ ብልጫ እናዓተረት ከምዝጸሓፈቶ፡ እዚ ከኣ ካብ ኮለጅ ብዝለዓለ ነጥቢ ብኽልተ መዓልያ ክትምረቕ ሰረት ከምዝኾነና ጠቒሶም፡ ኣብ ርእሱ ደገፍን ሓገዝን ወለዲ እውን ከምዝይተፈልያ ሓቢሮም። “ትምህርቲ መጻኢ ዕድላታ ዘኹልሕ ዓወዲ

እዩ። ስለዝኾነ ዓቢ ክእለት ማዕዳን ምኽሪን ኣይተፈልዮን።” ድሕሪ ምባል ደማ ዝሰምዖም ሓገሶም ደስታን ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ገሊጾምልና።


ሚኒስተር ኣረፋይነ በርሀ

ምሩቕ ዓወዲ ሕቶምና እንስስ ተማሃራይ ዑሶማን ሓሰን'እውን ጸቡቕ ኢጋጣሚ ኮይኑ፡ ወላዲቱ ሓገስ ብዘመልኦ መንፈስ ሓቚፋ እናሰየመቶ ገፍ ካብ ዝበሉና ተመረቕቲ እዩ። ምንጪ ተኻፊልቲ ሓገሶም ክሽውን ስሚዒታት ከፍልና ኣብ ዝተወከስናሉ፡ “እዛ ኢጋጣሚ እዚኣ ንዓይ ነቲ ካብ ንእሰተይ ኣትሒዘ ዝምጽኦ ዝበርኩ ባህጊ ርውየተይ ዘረጋገጸትላ ዕለት እያ። በዚ ድማ ብቓላት ክገልጾ ዘይኽእል ሓጎስ እሰምዓኒ። ንኸጠባቒ ግብራዊ ስራሕ፡ ዜግነታዊ ግቡኣይ ክፍጽም ሓይራ ተሰኪመ ዝወፍረላ ዕለት ብምኻና፡ ኣብ ዝተመደብኩዎ ቦታ ስራሕ ብትግሃትን ተወፋይነትን ክዓዪ ተዳልየ ኣለኹ።” ክብል ገሊጹልና። ወላዲቱ ወይዘሮ ፋጥና ማሕሙድ ብወገና፡ “ወደይ ምሉእ ሰብ ክኸውን ተማሂሩ ዝተማሃረ ሰብ'ዩ ዕዉት ህይወት ዝመርሕ። ንዙኣሱ ኣሕዋትካ መሪሕ ኣብነት ክትከውን፡ ኣብ ትምህርቲኻ ግዱስ ኣብ ስራሕካ ዕቱብ ኩን! ተመሂርካ ክትምረቕ ናይ ወትሩ ባህገይ!” እናበለት፡ ኣብ ጉዕዞ ትምህርቲ ወዳ ንሱ'ውን ዝምኽሮ ካብኣ ዝደለ ብዙሕ ከምዝርከተትሉ እያ


ዑስማን ሓሰን


ወ/ሮ ፋጥና ማሕሙድ

ገሊጻትልና። ዑሶማን ኻኽልንትንኣዊ ጻዕሪ ወላዲቱ ብዓወት ዛዚሙ ንወላዲቱ ክሓስዋ፡ ጸብ ኣሰትይዋ። ወይዘሮ ፋጥና ብወጽኢት ወዳ ከም ማጠን ወላዲት ዝሰማ ሓገሰን ባህታን ዕልልታ ኣሰኒያ ገሊጻትልና።

ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፡ ክሳብ ሕጂ፡ 55.8 ሚእታዊት ደቂ-ተባዕትዮ፡ 44.2 ሚእታዊት ከኣ ደቂ-ኣንስትዮ ዝኾኑ - ብድምር 5883 ብዲግሪን ዲፕሎማን ኣመሪቑ ናብ ቀጻሊ ህንጻን ልምዓትን ሃገር ከምዝዋፈረ ሰነዳቱ የመልክቱ።





ፍትሓዊት ምስ ወለዳ

ሽባብ

ሃማመተኤ

ሓባራዊ-ዘተ

# “ስነ-ሰረታዊ ብዙሕነት ኣብ ኣፍሪቃ፡ ንመላእ ህዝቢ ዓለም መወከሲ ክኸውን ዝኽእል ስነ-ሰረታዊ ፍልጠት ዝሓዘ'ዩ!”

- ዶር. ኢዮኣብ ኢያሱ

ፍረህይወት ዳኒኤል

ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ሃማመተኤ፡ ንዶር. ኢዮኣብ ኢያሱ ካብ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ ነፍሒ ብምዕዳም ሓባራዊ ዘተ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣኣንጊዱ ነይሩ። ዶር. ኢዮኣብ ኢያሱ ኣብ ክፍሊ ስነ-ህይወት ተሓጋጋዚ ፕሮፌሰር ስነ-ህይወት ኮይኑ፡ “ጀነቲካዊ ብዙሕነትን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን” ብዝብል ኣርእስቲ ዝተዳለወ ትሕዝቶ'ዩ ናብዚ ሓበራዊ ዘተ ሒዙ ቀሪቡ።

ቅድሚ ነዊሕ እዋናት ተመራመርቲ ብተፈጥሮ ዝኽሰቱ ጉዳያት ብፍልስፍናዊ ወይ ብትዕዝብታዊ ኣጠማምታ መልሲ ክረኽብሉ ይፍቱኑ ነይሮም። ካብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ንደሓር ግን ንፍልስፍናዊ ወይ ትዕዝብታዊ ኣጠማምታ ናብ ቀማረኣዊ፡ ምክናዊ ወይ ፈተነኣዊ ሜላ እናተክኦ መጺኡ። ኣብዚ እዋን'ዩ እምበኣር ተፈጥሮኣዊ ስነ-ፍልጠት (ብፍላይ ስነ-ህይወት) ኣብ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ጽልዋ ክሕድር ዝጀመረን ናብ ደምዳማዊ ኣመለኻኽታ ዘምርሐን። ንኣብነት ካብ ሶሻል ዳርዊኒዝም ዝብል ኣተሓሳስባ ዝተበገሰ ንህይወት ኣይሁድ ዘኽበደ፡ ብሆሎኮስት (hoocaust) ዝፍለጥ፡ ናዚ ጀርመን ጽሩይ ዓሌት ኣርያን ንምትብባዕ ዘካየዶ ፍጻሜ ካብቲ ዘሐዝን ውጽኢት ጥምዛዘ ስነ-ፍልጠታዊ ርኽበት'ዩ። ክሳዕ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዝተፈላለየ ህዝቢ ዝተተግበረ ብዩጀኒክስ (Eugenics) ዝጽዋዕ መስርሕ እውን ተራእዩ'ዩ። መንቀሊ እዚ ዝተጠቕሰን ካልእን ኣጠማምታን ካብቲ ኣብቲ እዋን ዝነበረ ስነ-ፍልጠታዊ ደምዳሚ ሓበሬታ ምኳኑ ይሕበር። እዚ ታሪኻዊ በሰላ ኣብ ስነ-ህይወታውን ስነ-ፍልጠታዊ ምርምራትን ዘወሃብ መልሲ፡ ንኽልተ ጫፋት ከይውዕል ብጥንቃቀ ክተሓዝ ከም ዘለዎ መምሃሪ ኮይኑ ይርከብ።

ኣብዚ ኣዋን ኣብ ስነ-ሰረት ዝተገብረ መጽናዕትታት ከም ዝሕብሮ፡ ኩሎም ኣብ ዓለም ዝነብሩ ደቂ-ሰባት ሓደ ዓሌት ምኳኖም'ዩ ዝሕብር። እዚ ማለት ኣብ መላእ









ዓለም ፋሕ ኢሎም ዝነብሩ ዘለዉ ደቂ ሰባት ካብ ሓደ ጉንዲ ዘርኢ ዝፈረዩ ኣፍሪቃውያን'ዮም። ስለዚ ኣፍሪቃ ብፍላይ ምብራቕ ኣፍሪቃ መበቆል ወዲ ሰብ ምኳና ክፍለጥ ይግባእ። እዚ በቲ ብብእዋኑ ዝድህሰስ ዘሎ ከም ሸክና ጥንታዊ ሰብ ቡያ ዝርከቦም ናይ ስነ-ኹዕታ ርኽበታት ኣረጋጊጾሞ'ዮም። እዚ ኣፍልጦ'ዚ ነቲ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝካየድ ስግረ-ዶባዊ ዓውደ-መጽናዕታዊ ንጥፈታት ንምርዳእ፡ ጀነቲካዊ ብዙሕነት ዓቢ ኣስተዋጽኦ ኣለዎ። ሎሚ ዓበይቲ ተመራመርቲ ስነ-ጀነቲካዊ ኣቃውማ ደቂ-ሰብ ክሳዶም ምሉእ ንምሉእ ናብ ኣፍሪቃ ብፍላይ ድማ ናብቲ መሰረት ፍልቀት ሰብ ዝኾነ ምብራቓዊ ክፋል'ዚ ኣህጉር ገይሮም፡ ድሮ ዓሚቝ መጽናዕቲ ኣብ ምክያድ ተጸሚዶም ምህላወም ዶክተር ኢዮኣብ ኣብ ዘረባኡ ገሊጹ።

“እቲ ዝቕለለ መበቈል ደቂ-ሰብ ዝፍለጠሉ ሜላ፡ መጽናዕቲ ናይ ዲኣንኤ (DNA)'ዩ፡” ዝበለ ዶክተር ኢዮኣብ፡ “ጀነቲካዊ ብዙሕነት ኣፍሪቃውያን ምጽንዑ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ መዳያት ጥዕናንን ሕማማትን ዕዙዝ ይኸውን ኣሎ፡” ኢሉ። ጀነቲካዊ ብዙሕነት ንደቂ-ሰብ ዘርኡ ከም ዝቕጽል ዝገብር ባህርያዊ ውህብቶ'ዩ። ንቶም ኣበየ-ሰዓቱ ዝኽሰቱ ሕማማት ኮነ ምስ ኣሰካፊ ዘይንቡር ምቅይያር ኩነትታ ኣየር ዓለምና፡ ናይ ኣፍሪቃ ጂኖ ምርድኡ እዋኑ'ዩ።

ዶክተር ኢዮኣብ ኢያሱ፡ “ብስነ-ፍልጠታዊ ኣረዳድኣ ኩሉ ሰብ ሓደ ዓሌት ድዩ፧ ጻዕዳ፡ ጸሊም፡ ኤሽያዊ ወይ ድማ ላቲኖ እናበልካ ምፍልላይ ቅኑዕ ድዩ፧” ናብ ዝብል ሕቶ'ዩ ሰጊሩ። ክሳዕ ሕጂ ብዲኣንኤ ከም ዝተረጋገጸ፡ ዓሌት ደቂ-ሰብ ሓደ ኮይኑ፡ ካብ ሓንቲ ጉንዲ ዝፈለሰ ምኳኑ እዩ ዝሕብር። እሞ'ደኣ እዚ ኩሉ ዓይንና ዝርእዮ ፍልልያት ካብ ምንታይ ዝመጽእ'ዩ? ነዚ'ውን ዶክተር ኢዮኣብ፡ እቲ ዘመናዊ ወዲ ሰብ ዝበሃል ፈለማ ናብ ካልእ ክፍለ ዓለማት ድሕሪ ምስጋሙ ወይ ምፍላሱ፡ ካብ ኩነታት ኣየር ጀሚርካ ካልእ ዓበይቲ ደጋዊ ሓድሽ ኩነታት ዘስዓቦ ደጋዊ ፍልልያ ምኳኑ ይጠቕስ። እዚ ናይ ዲኣንኤ ሓድነት ምስቲ ናይ ቀደም ዝነበረ መረዳእታ ብዙሕ ሰብ ኣንጻር እዩ ዝኸይድ። ነዚ ናይ ደፋእታዊ ለውጢ ዘተኣናግድ ፍልቀታዊ ኣተሓሳስባ ክሳዕ ሕጂ ዘይቕበሎ ሰብ'ውን ኣሎ። ተመራመርቲ ነዚ ተረኺቡ ዘሎ ስነ-ፍልጠታዊ ርኽበት ብኸመይ ናብ ሕብረተሰብ ከውርድዎ ኣለዎም፡ ሓደ ዓቢ ስራሕ ይጽበዮም ኣሎ።

ብኸመይ እዩ ኣፍሪቃ ብፍላይ ድማ ምብራቓዊ ክፋል ኣፍሪቃ መበቈል ዘመናዊ ዓሌት ደቂ-ሰብ ክበሃል ኪኢሉ፧ እዚ ሓበሬታ ካብ ስምዒት ዝረሓቐ፡ ብስነ-ፍልጠታዊ መርትዖ ዝተደገፈ ዲዩ፧ እዚ እንንኑብረሉ ክፋል ዓለምና ኣሰር ዝጠንተወን ዘመናዊ ሰብ ዝተረኽበሉ ቦታን ምኳኑ፡ ዞባና ናይ ናይ ሳዕሪ ቦታን ጎልጎልን ስለዝነበረ፡ ዘመናዊ ወዲ ሰብ ነዚ ናይ ሎሚ ኣቃውማ ማለት ብኽልተ ኣእጋሩ ደው ኢሉ ንክኸይድ ዓቢ ሓገዝ ገይሩ። እዚ ብኣከባቢ ተሓጊዙ ዘማዕበሎ ምልምማድ፡ ካብቶም ኣብ ከባቢኡ ዝርከቡ እንስሳታት በሊጹ ክረአ ኣኽኢልዎ። ኣብ ኬንያ ሕብረተሰብ ማሳይ ዝቕመጥዎ ከባቢ ናይዚ ህያው ምስክር'ዩ። ዶክተር ኢዮኣብ ኢያሱ ምስ ብጾቱ ካብ ዘካየድዎ ስነ-ሰረታዊ መጽናዕቲ፡ ናብ ሃገርና ምስንምላስ፡ ኣብዚ ቦታና ክልተ ግዜ ዓቢ ምውሳኽ ቍጽሪ ህዝቢ ተኸሲቱ ከም ዝነበረ የመልክት። እቲ ቀዳማይ ምውሳኽ ቍጽሪ፡ ቅድሚ ሓምሳ ሽሕ ዓመት ዘመናዊ ወዲ ሰብ ናብ ካልእ ቦታታት ዝፈለሰሉ እዋን ክተኣሳሰር ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ምውሳኽ ቍጽሪ ወዲ ሰብ ምስ ድማ ምስቲ ቅድሚ 20 ሽሕ ዓመት ዝተኸሰተ ምጅማር ሕርሻ ዝተኣሳሰር'ዩ።

“ኣብዛ ዘመናውያን ደቂ-ሰብ ንልዕሊ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ዓመት፡ ማለት ዝነወሐ ግዜ፡ ዝተቐመጡላ ኣህጉር ኣፍሪቃ፡ ብY ክሮሞዞምን ብማይቶኮንድሪያ ዲ.ኣን.ኤ. ብዝተገብረ ናይ ስነ-ሰረት መጽናዕቲ፡ ኣገራሚ ብዙሕነት ተረኺቡ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ ብዙሕነት ኣብ ቋንቋ፡ ካብ ሓደ ጫፍ ዓለምና ናብ ካልእ ጫፍ ክትጓዓዝ ትዕዘቦ ምቅይያር ሕብሪ ቈርበት ወይ ድማ ብኣንጻሩ ጂኦግራፊክያዊ ቅርበት ኣብ ዘይብሉ ቦታ፡ ሃንደበት ኣዝዩ ተመሳሳሊ ትርኢት ዘውንኑ ሕብረተሰባት ይርከቡ። ኣብ ጀነቲክ ካብቲ ዝፈላልየና እቲ ዘመሳስለና እምብዛ ይበዝሕ፡” ዝበለ ዶክተር ኢዮኣብ፡ እዚ ማለት 99.9 ሚእታዊት ናይ ዲኣንኤ ተመሳሳልነት ክህልወና ከሎ፡ እቲ ዝተረፈ ናይ 0.1 ሚእታዊት ዘፈላልየና ይኸውን ኣሎ። እዚ ናይ 0.1 ሚእታዊት ጀነቲካዊ ፍልልይ፡ ካብ 40,000 ክሳብ 50,000 ዓመት እዩ ክፍጠር ኪኢሉ ዘሎ። ስነ-ሰረታዊ ብዙሕነት ካብ ኣፍሪቃ እናረሓቕካ ክትከይድ ከለኻ እናሃሰሰ እዩ ዝኸይድ።

ስነ-ሰረት፡ ሎሚ ንብዙሕ ንጥፈታት ሓጋዚ መፍትሒ ንምርካብ ዝስርሓሉ ዘሎ ስነ-ፍልጠታዊ ዓውዲ ኮይኑ የገልግል ኣሎ። ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ምዕቡላት ሃገራት ዓለምና እቶም ከባቢ 90% ክጽንዑ ከለዉ፡ ካብ ህዝቢ ኣፍሪቃ ግን እቲ 3% ጥራይ'ዩ ጀነቲካዊ መጽናዕቲ ተኻይድሉ። እቲ መጽናዕቲ ዘመዝገቦ ውጽኢት ምስ እንግንጽሎ ግን ኣብቶም 3% ኣፍሪቃውያን ዝተረኽበ ስነ-ሰረታዊ ሓበሬታ፡ ካብቲ ካብ ከባቢ 90% ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ዝተረኽበ ስነ-ሰረታዊ ሓበሬታ ይበዝሕ። በዚ እዩ ድማ ኣብ ጥዕናዊ መዳይ ንምሉእ ዓለም ካብ ሸግር ከናግፋ ዝኽእል ስነ-ሰረታዊ ፍልጠት ኣብ ጂር ናይ ኣፍሪቃውያን ኣሎ ዝበሃል።

“ጀነቲካዊ ብዙሕነትን ማሕበራዊ ስነ-ፍንጠትን” ኣብ ዝብል ዛዕባ ዶ/ር ኢዮኣብ ኢያሱ ካብ ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ ዝገለጾ እዋናዊ ኣብነት ንምጥቃስ ኣብ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዝካየድ ዘሎ መጽናዕቲ'ዩ። ካብቶም ምስ ነቲ ሕማም ዓባይ ሰዓል ዘምጽእ ህዋስ ዝነብሩ ኣህዛብ፡ ስለምንታይ እቶም 10 ሚእታዊት ጥራይ ሕማም ዓባይ ሰዓል የማዕብሉ ዝብል ሕቶ ክምልስ ትጽቢት ይግበረሉ።

ንልዕሊ 24 ዓመታት ከም መምህርን ተመራማርን ብምኳን ዝነጥፍ ዘሎ ዶክተር ኢዮኣብ ኢያሱ “ጀነቲካዊ ብዙሕነትን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን” ብሓንሳብ ንዘወሃሃደ ትሕዝቶ ብኣዝዩ ሰሓቢ ኣገባብ ከቕርቦ ምኽኣሉ ኣብቲ ኣዳራሽ ዝተረኽቡ ተሳተፍቲ እቲ ሓባራዊ ዘተ ምስጋናኦም ገሊጾም።

## ልቦና — ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ሓደ ሰብኣይ ኣብ ገነት

ሓደ ሰብኣይ እናተጓዕዘ እንከሎ ሃንደበት ናብ ገነት ኣልገሰ። ቍሩብ ተጓዒዙ ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ገረብ ኮፍ በለ። እታ ገረብ ከኣ ዝሓሰብካዮ እትህበካ ገረብ ነበረት። እቲ ሰብኣይ፡ “ጠምየ ኣለኹ። ዝቕመስ እንተ ዝረክብ፡” ክብል ሓሰበ'ሞ፡ በበይኑ ዝዓይነቱ መግቢ ዝሓዘ ጻሕልታት፡ ኣብ ሓደ ጣውላ ተሰሪዑ ተቓረበሉ።

“ኣቤት!” ተገረመ እቲ ሰብኣይ፣ “ክኸውን ኣይክእል'ዩ፡” በለ ብዘይ ልቡ። እቲ መግቢ ካብ ቅድሚ ዓይኑ ንእለት ሰውር በለ። “እዚ ዝረኣኹዎ መግቢ እንተ ዝምለስ፡” ኢሉ ሓሰበ'ሞ እቲ ቀዲሙ ዝረኣዮ ጻሕልታት ተመልሰ'ሞ ክሳብ ዝጽግብ ተመገበ። ከምኡ ዝጥዕም መግቢ በሊዑ ኣይፈልጥን። “እዚ ዝዓይነቱ መግቢ በሊዕካ ደኣ ሻሕ መበሊ ጽሩይ ወይኒ መድለየ፣” ኢሉ ሓሰበ'ሞ ዝበለጸ ዝበሎ ወይኒ ኣብ ቅድሚኡ ተኾደመ።

ኣብቲ ጽላል እታ ገረብ ወይኒ እናጨለጠ፡ ክግረም ጀመረ። “ስለምንታይ እዞም ተኣምራት ይኽሰቱ ኣለው? ክሳብ ክንዲ'ዚ ኵሉ ጽቡቕ ክኸውን ኣይክእልን። ኣጋንንቲ ተመሻጢሮም ይላገጹለይ እዮም ዝህልዉ፡” ክብል ሓሰበ። ኣጋንንቲ ሻቡ ኣብ ዙርያኡ ከበቡ። መልክዖምን ቅርጾምን ከምቲ ንሱ ዝሓሰቦም ዘፍርሑ ነበሩ። እቲ ሰብኣይ ፈርሐ፣ “ኦሮማይ ሕጂ ደኣ ክቕትሉኒ'ዮም፡” ኢሉ ሓሰበ። ንሳቶም ከኣ ቀተሉዎ።

Inspirationalstories.com

# ፍኖት

ዳህላክ ነጋሲ

## ተመሃሮን ክረምታዊ ዕረፍቲን

ተማሃሮ ንዘዘውሰ ኣዋርሕ ሰራሕ ትምህርቲ ክከታተሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ወቕቲ ክረምቲ የዕርፉ። እቲ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዝጸንሐ ኣእምሮኦም ድማ ንውሱን እዋን ንኽዝ ወይ ከዕርፍ ባይታ ይረኽቡ፡ ከምቲ ንኣካላት ደቂሰብ መዝነን ማይን ዘድልዩ፡ ኣእምሮኦውን ዝያዳ ኣድማዕን ንጡፍን ኽኸውን እኹል ዕረፍቲ ክረክብ ኣለዎ። ስለዚ ተማሃሮ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ ግቡእ ኣካላዊ ምንቅስቓስ እኹል ድቃስን ሰራዕ ኣመጋግባን ክኽተሉ ይግባእ።

ተማሃሮ ኣብ ክረምታዊ ዕረፍቲ ምስእ ግዜኦም ኣብ ጸወታን ካልእ ንጥፈታትን ጥራይ ከሕልፍዎ ኣይግባእን። እቲ ምንታይ፡ ፍልጠት ንሓጺር እዋን እትግልገለሉ መሳርሒ ዘይኮነ፡ ብዘይ ምቁራጽ ክምዕበልን ክስፍሕን ዘለዎ ኣገዳሲ ሰንቂ ስለዝኾነ። ኣብ እዋን ክረምቲ ግዴ ወለዲ ኣብ ምምእዛን ደቆም ልዑል ኩይኑ፡ ዋላውን ንዘዘውሰ እዋን ምስእ-ብምስእ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንኸይርሕቁ ብቐጻሊ ክከታተልዎምን ክማእዝንዎምን ይግባእ። ስለዚ ኣብ እዋን ክረምቲ ተማሃሮ ኣድማዕነቶም ኣብ ትምህርቲ መታን ከይድኽም፡ ብወገን ወለድን ተመሃሮን ክትግበሩ ወይ ክኽተልዎም ዘለዎም ሓገዝቲ ነጥብታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦



1. ተማሃሮ ንኹሉ ንጥፈታት ዘማእከለ መደብ ክሰርዑ ይግባእ። እዚ ኣገባብ ኣካይዳ መዓልታውን ሰሙናውን ንጥፈታት ንምስልሳል ዝሕግዝ እዩ። ወትሩ ብውጥን ምጉዓዝ፡ ኩሉ ዕማማት ኣብ ግዜኡ ንኽፍጸም ዝሕግዝ እዩ። መደባት ምስራዕ ጥራይ ዘይኮነ፡ ማዕረ ማዕረኡ'ውን ምትግባሩ ኣገዳሲ እዩ። መደባት ኣብ ወረቐት ምስፋር ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ብዘይ ትህኪት ብዝዕሪ ምዕያይ'ዩ ውጺኢቱ። ከም ወጽኢቱ ኣብ ባይታ ዘሐጉሰን ዘዕግበን ፍረ ይርከቦ። ስለዚ ተማሃሮ በቲ ዝምችኦም ኣገባብ መደባቶም ብምስራዕ፡ ፍልጠት ካብ ምኽሳብ ከይሰልከዩ ናይ ዕረፍቲ እዋኖም ከሕልፍዎ ይግባእ። ምኽንያቱ ፍልጠት ደረት ኣልቦ ዕጥቂ ስለ ዝኾነ፡ ቀጻሊ ከይሰልከዩ ክሰንቅዎ ይግባእ።

ኩሉ ተማሃራይ ዕወት ክኸውን'ዩ ዝደሊ። እንተኾነ ብሉጽ ንምኳን ድሌት ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ንኣብነት፡ ሓደ ተማሃራይ መዓልታዊ ንጥፈታቱ ብመደብ ሰሪዑ ከይተኸተለ ብሸንኪ ትህኪት፡ ምሕር ጸወታ ምፍታውን ካልእ ምኽንያትን ኣብ ትምህርቲ ክሓምቕ ግድን እዩ። ስለዚ ተማሃራይ ንኹሉም ንጥፈታቱ ብግቡእ ብምምሕዳር ኣብ ግዜኡ ከፈጸሞም እንተዘይክኢሉ፡ መደባት ኣብ ርእሲ-ርእሲ ተደራረብ ዓቕሉ ከጽብብሉ ይኽእል። ብኣንጻሩ፡ ተማሃራይ ኩሉም ዝሓዝዘም መደባት ኣብ ግዜኦም ዝፍጽሞም እንተኾይኑ፡ ብርግጽ ፍረ ጻዕሩ ክሓፍስ ግድን እዩ። ግዜኻ ብግቡእ ምጥቃም ግዜ ኣብ ዘይጠቅም ልምዲ ከየጥፍእኻ ክጥንቀቑ ኣለዎም። ከምቲ "ዝንብብ ይሰንብብ" ዝብሃል ምስላ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ዘሎ፡ ተማሃሮ ኣብ ንእሽ ዕድመኦም ልምዲ ንባብ ከጥርዩ እንተኽኢሎም፡ ብዙሕ ፍልጠት ክኸዕብቱ ኣይጸገሙን እዮም።

ኣብዚ እዋን ብዙሓት ተመሃሮ ኣብ ክንዲ ልምዲ ንባብ ዘጥርዩ፡ ኣብ ካልእ ዘይድሊ ንጥፈት ክጽመዱ'ዮም ዝረኣዩ። ንኣብነት፡ ቴሌቪዥን ኣብ ምዕዛብን ቪድዮ ጌይም ኣብ ምጽዋትን ዘሕልፍዎ ዘለዉ ግዜ ኣዝዩ ነዊሕ እዩ። እንተኾነ እዚ ልምድታት ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ'ዩ ምሓር ዝበዝሐ። እቲ ብምርምርን መጽናዕትን ክበልሕን ክዕቢን ዝግብኦ ኣእምሮ ተመሃሮ ኣብ ወልፊ ዘይጠቅም ተግባራት ክጽመድ ኣኽሎ ኣዝዩ እዩ ዘተሓሳስብ። ስለዚ ተመሃሮ ብዘይካ ኣብ ትምህርታዊ መዳይ፡ ኣብ ካልእ ንጥፈታት ምኽታሉ'ውን ኣገዳሲ እዩ። እቲ ምንታይ፡ ግዜ ሓንሳብ እንተሓሊፉ ካልኣይ ዘይምለስን ዘይድገምን ስለ ዝኾነ፡ ኩሉ ኣብ ዝጠቅሞ እዋን ክፍጽም ኣለዎ። ስለዚ ተማሃሮ፡ ንሎሚ ሸለል ብምባል ጽባሕ ከይርከቡሉ ኢና እንተኢሎም፡ ክዕወቱ ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ እዩ።

2. ተማሃሮ ንዘቕጽል ደረጃ ትምህርቲ ዝሕግዞም ተወሳኺ ትምህርቲ ምክትታል የድልዮም። ደቂሰብ ብተፈጥሮና ዘይንፈልጦ ንኽንፈልጥ ልዑል ድሌት'ዩ ዘለና። ስለዚ፡ ድሕሪ ምዕጻው ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ካልእ ተወሳኺ ትምህርቲ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ። ከመይ'ሉ፡ ብዘይካ ንዘቕጽል ደረጃ ትምህርቲ ዝህልዎ ኣበርክቶ፡ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንኸይርሕቑ'ውን ሓጊዚ ስለዝኾኑ። ተማሃሮ ካብ መኣዲ ፍልጠት ከይረሓቑ ስለዝጸንሑ፡ ነቲ ዝቕጽል ደረጃ ትምህርቲ ብዘይምስልካይ ክጅምሩዎ ኣይጸገሙን እዮም።

3. ተማሃሮ ኣብ እዋን ክረምቲ ልምዲ ንባብ ከማዕብሉ ይግባእ። ተማሃሮ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ ነዊሕ ግዜ ዝቕጽል ናጻ ሰዓታት ኣለዎም። እቲ ትርፊ ክዙን ዓቕሞምን ግዜኦምን ኣብ ክንቱ ንጥፈት ካብ ዘሕልፍዎ፡ ኣብቲ ዘድምዕሉን ዘርብሖምን መዳይ ከተኩሩ ይግባእ።

4. ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ፡ ወለዲ ዝያዳ ካልእ እዋን ኣብ ልዕሊ ደቆም ግቡእ ምክትታል ክገብሩ ኣለዎም። ክረምታዊ ዕረፍቲ፡ ወለድን ተመሃሮን ግዜኦም ብሓደ ክሕልፍዎ ዝዕድም ምቹእ ግዜ እዩ። ስለዚ፡ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ግዜ፡ ወለዲ ኣብ ትምህርታዊ መዳይ ንቦታ መምህራን ተኪኦም፡ ዝያዳ ሓላፍነት ክስከሙ ይግባእ። ከይሰልከዩ ንደቆም መደባት ክሰርዑሎምን ዕዮታት ክዓልዉሎምን ኣለዎም። ብፍላይ ወሽጣዊ ብቕዓቶም ንኸበርብሩ ክሕግዝዎም ይግባእ። ከምኡ'ውን፡ ኣብቲ ትሑት ወጽኢት ዘርኣዩሉ ዓውዲታት ትምህርቲ፡ ክይተሓለሉ ክሕግዝዎም ኣለዎም።

ወለዲ ቁጠባዊ ዓቕሞም ብዘፍቕዶ መንገዲ፡ ከይሰልከዩ ኣብ ደቆም ወፍሪ ክገብሩ ይግባእ። ሎሚ ዝዝርዎ ወጻኢታት፡ ኣብ መጻኢ ዘሐጉስ ፍረ ከም ዝሕፈሶ ኣሚኖም ክጽዕሩ ይግባእ። ከምቲ ካልእ ዘድልዮም መሰረታዊ ነገራት ንኽቕርቡሎም ብዙሕ ዝጽዕሩ፡ ፍልጠቶም ዘስፍሕ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ'ውን ምስእ ሓላፍነት ከም ዘለዎም ክየገዝቡ ኣለዎም። ስለዚ፡ ወለዲ ብፍላይ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ ብዙሓዊለ መልክዕ ክተዓብዩዎምን ክድግፍዎምን ይግባእ። እንተዘይኪኑይኑ ግን፡ ብሸኽሊ ናታቶም ብኩራት፡ ደቆም ጽባሕ ኣብ ሕማቕ ደረጃ ምውዳቖም ዘይተርፍ'ዩ ዝኸውን።

5. ተማሃሮ ኣብ ክረምታዊ ዕረፍቲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክዘውትሩ ይግባእ። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምስእ ጥዕናን ኣካላዊ ብቕዓትን ክህልወካ ዝሕግዝ እዩ። ከምኡ'ውን ሰራውር ደምን ጭዋዳታትን ብግቡእ ንጥፈታቶም ክካይዱ የኽእል። ብተወሳኺ፡ ኣዕጽምቲ ኣካላት ኣብ ምትራር ልዑል ተራ ኣለዎ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንኣካላውን ኣእምሮኣውን ንጥፈታት የበራብር። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ንጽጉም ሰእነት ድቃስ ብምጉዳል፡ ሕማቕ ወልፍታት ንኸየጥርዩ ይገትእ።

ብሓፈሻ፡ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንጥዕና ኣእምሮን ኣካላትን ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ። ብቐንዱ ድማ፡ ድሕሪ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክተጽንዕን ክተንብብን ባህታ ይፈጥር። ልዕሊ ኩሉ ከኣ፡ ኣእምሮ እንተጥዕዩ እወታዊ ኣተሓሳስባ ንኸማዕብሉ ይሕግዝ።

6. ተማሃሮ ብጕኡብ ሓብርም ክጽንዑ ይግባእ። ተማሃሮ ምስ መዛኑኦም ሓቢርም ዘጽንዕሉ ባይታ ክህልዎም ኣለዎ። ብዛዕባ ምጽናዕ ኣዝዩ ብዙሕ እውታዊ ረጃሒታት ኣለዎ፡ ንኣብነት ንዘይትፈልጦ ብዕምቀት ንኽትፈልጦ ይሕግዘካ። ናይ ምብህሃል ክእለትካ ንኽተዓብዮ'ውን ልዑል ተራ ኣለዎ። ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ መዛኑ ንዘሎ ናይ ምውድዳር መንፈስ የበርኽ። እንተኾነ ኣብዚ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ሓደ ነጥቢ ኣሎ፡ ንሱ ድማ እቲ ውድድር ኣብ መንጎ እቶም ምሳኻ ዘጽንዑ ብጾትካ ጥራይ ዝተሓጽረ ክኸውን የብሉን። ምኽንያቱ እቲ ውድድር ኣብ'ቶም መዛኑኻ ጥራይ ዝተሓጽረ እንተ ኾይኑ፡ እቲ መወዳድሪ ደረት ፍልጠትካ ብናታቶም ስለ ዝድረት፡ ዋላ'ውን ብዙሕ ክእለት እናሃለወካ ንወሰናት መመህርትኻ ጥራይ ጸብለል ብምባል፡ ኣብ ሓደ ዓንኬል ኩሉል ንኸይትብል ክትጥንቀቕ ይግባእ። እቲ ዝበለጸ ውድድርካ ምስ ገዛእ-ነብስኻ እንተኾነ ተመራጺ እዩ። ስለዚ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ ጎድኒ-ጎድኒ ምስ መዛኑኻ እትሰርዖ ናይ መጽናዕቲ መደብ፡ ናይ ብሕትኻ ግዜ ብምፍላይ ካብ መኣዲ ፍልጠት ከይረሓቕካ ክተሕልፎ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ፡ ተመሃሮ ብዘይካ ኣብ ምንባብ፡ ኣብ ንጥፈታት ምግራብን ካልእ እወታዊ ወጻኢት ኣብ ዘለዎም ዕማማትን ክሳተፉ ይግባእ። እዞም ንጥፈታት እዚኣቶም፡ ኣብ'ቶም ተመሃሮ ብዙሕ ጥቕሚታት'ዩ ዘለዎም። ሓደ ካብኡ፡ ኑቶም ተመሃሮ ግዜኦም ኣብ ሰናይ ነገር ከሕልፍዎ ስለዘድርኾምም፡ ኩሉ ግዜ ሕጉሳትን ዕጉባትን እዮም ዝኾኑ። ልዕሊ ኩሉ ድማ፡ ኣብ ንእሰ ዕድመኦም ጽቡቕ ልምዲ ንኸጥርዩ ይሕግዞምም። ከምቲ "ቈልዓ ብንእሱ ቁርበት ብርሑሱ" ዝብል ንምኽሳኡስን ምእላይን ቈልዑ ኣብ ግዜ ህጻንነቶም ዝገልጽ ኣበሃላዊ ምስላ ዘሎ፡ ተመሃሮ ሰናይ ዘበለ ልምዲ ንኽለምዱን ክወርሱን ብፍላይ ወለዲ ሓላፍነቶም ክዝንግዑ የብሎምን። ምሕቡላብ ናይ ሓደ ዜጋ ግን ንወለዱ ጥራይ ዝገድፍ ስለዘይኮነ፡ መላእ ሕብረተ-ሰብውን ሓላፍነቱ ክዋጽእ ይግባእ። ስለዚ፡ ሕብረተሰብ ብሓላፍነትናኦም ብቑዓት ዜጋታት ንምፍራይ፡ ነቶም ኣብ ንእሰ ዕድመ ዝርከቡ መንእሰያት ብሓባር ክኣሊ፡ ክማእዝንን ክኣርምን ኣለዎ።

ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ ተመሃሮ ድማ፡ ኣብ ምምራጽ መዋዕልቶም ክጥንቀቑ ይግባእ። ብርግጽ ዋላኳ ምስእ-ብምስእ እንተዘይኮኑ፡ ዓርክኻ ወይ መዋዕልትኻ ሕብራቕ ወሽጣዊ ምስልኻ እዩ፡ ማዕናኻ ዝኣድ ስሉምጥር እንተለዎ፡ ባህርኻውን ብተመሳሳሊ ብሉጽ ክኸውን ይኽእል። ብኣንጻሩ፡ ሕማቕ ባህርን ልምድን ምስ ዝውንኑ መዘኑ ትውዕል እንተኾንካ፡ ሕብራቕ ምስልኻ ካብ ናታቶም ዘይፍለ እዩ ዝኸውን። ስለዚ፡ ኣብዚ ሓጺር ናይ ዕረፍቲ ግዜ ከይተረድኦም ብቐለሉ ብዘጅምርዎ ሕማቕ ልምድታት፡ ምስ ግዜ ናብ ወልፊ ተሰጋጊሩ ጥዕናኦውን ቁጠባውን ሃሰያ ከስዕቡሎም ይኽእሉ።





እምበኣርከስ ተመሃሮ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ ብዘጅምርዎ ዘየድሊ ልምድታት፡ መጻኢኦም ከይድኽበዘዘ ሕልፊ ካልእ እዋን ልዑል ናብዮትን ጥንቃቐን የድልዮም።

ተመሃሮ ኣብ ክረምታዊ ዕረፍቲ ክጸንዑ፡ ከንብቡን ኣብ ካልእ ሰናይ ተግባር ክሳተፉን ከም ዝግባእ ዘካራኽር ኣይኮነን። የግዳስ፡ ኣእምሮን ኣካላትን ደቂሰብ ክዘ ስለዘለዎ ድማ፡ ኣብቲ ዘዕርፉሉ ኣዋርሕ፡ ምስ መዛኑኦም ሓቢርም ብምጽዋትን ምዝንጋዕን ዘይሃሰሰ ተዘክሮታት ከሕልፉ መሰሎም እዩ። ብፍላይ እቶም ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝነብሩ ተመሃሮ፡ ኣብ ሕርሻውን ዘቤታውን ዕዮ ምስ ስድራቤቶም ንነዊሕ ሰዓታት ስለዝጽመዱ፡ ከዕርፉሉን ከንብቡሉን ዝግብኦም ግዜ ኣብ ብዙሕ ሃልኪ ዘለዎ ስራሕ ከሕልፍዎ ይግደዱ። ከም ዝፍለጥ፡ ኣብ ገጠራት ሃገርና፡ ምስቲ ዘሎ ሕርሻዊ ንጥፈታት መተባብዮ ስድራ-ቤታት ቀሊል ኣይኮነን። ስለዚ፡ ወለዲ፡ ተመሃሮ ደቆም ኣብ ክረምታዊ ዕርፍቲ ንኸዕርፉን ከንብቡን ብዝተኻእሎም መጠን ግዜ ብምፍላይ፡ ደቆም ኣብ መጻኢ ብትምህርቲ ኣብ ዝለዓለን ዝሓሸን ደረጃ ንኽበጽሑ ከይተሓለሉ ክድግፍዎም ይግባእ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 13:30 | (ዜና ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | Tech Insight |
| 15:00 | ፓኖራማ |
| 15:50 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፌ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:25 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊ ትፊልም ሾምዓ ሊዩቲ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ስርሒት ባርንቱ 1985 |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኤፍሶን ኤፍሬም ኣብርሃም ምግል ተሪፉ፣ ሳሙኤል ኤፍሬም ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቐረብ።

ኤሽን ተኸስተ መብራህቱ፡ ስም ኣደይ ሳባ ተኸስተ ምግል ተሪፉ፣ ሳባ መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን24/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 ይቐረብ።

ቶማስ ዞርያስ ወልደገብረኣል፡ ብወከል ወ/ሮ ኣስቴር ተስፋጽዮን ገብረወልዱ ኣበሉ፣ ቶማስ ዞርያስ ወልደገብረኣል ምግል ተሪፉ፣ ቶማስ ብጁዓምላኽ ዕቑባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ይቐረብ።

ሳምሶም ገብረእግዚኣብሄር በራኺ፡ ስም ኣደይ ርግኣት ገብረእየሱስ ምግል ተሪፉ፣ ርግኣት መስፍን መብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቐረብ።

መድሃን ተኽለማርያም በላይ ምግል ተሪፉ፣ ሳንዋይት ተኽለማርያም በላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቐረብ።

ሉተሚካኤል በርሀ ገብረሩፋኤል፡ በዓል ቤተይ ተ/ጋ ተወልደመድህን ባህታ ዓብዩ፣ ካብ ወርሒ 09/2008 ዓመተ/ም ኣትሒዙ ደሃይ ስለዘይብሉ፣ ናይ ጥፋእ ውሳነ ክወሃበኒ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/7/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቐረብ።

ከሳሲ ወራ/ነ/ሄር ምሕረትኣብ ገብረስላሴ ኣቶ ብርሃ ምሕረትኣብ ገብረስላሴ፡ ተኸሰስቲ፡ ወረ/ነ/ሄር ምሕረትኣብ ገብረስላሴ 1.1 ኣቶ ኤፍሬም ምሕረትኣብ 1.2 ኣቶ ሳምሶን ምሕረትኣብ 1.3 ኣቶ ፊልሞን ምሕረትኣብ 1.4 ኣቶ ስምኦን ምሕረትኣብ 1.5 ወ/ሮ ኤርትራ ምሕረትኣብ 1.6 ወ/ሮ ዊንታ ምሕረትኣብ 1.7 ወ/ሮ ኣስቴር ምሕረትኣብ 1.8 ወ/ሮ ሰላም ምሕረትኣብ 2. ወ/ሮ ኢትዮጵያ ሃይለ ንምቕሊት ውርሲ ብዝምልከት ተኸሰስቲ ቁጽሪ 1.1 1.2 1.3 1.4 1.5 1.6 ኣድራሻኦም ስለ ዘይፍለጥ ን3/10/23 ይቐረቡ። እንተዘይቀሪቦም፣ ጉዳዮም ኣብ ዘለውሉ ክርኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ዘርኣይ ይሕደጐ ተጠቃሲ ኣቶ ሓለፎም ይሕደጐ ተፈሪ ካብ 2016 ዓ/ም ኣትሒዙ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፣ ናይ ጥፋእ መረጋገጺ ውሳነ ክወሃበኒ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/7/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቐረብ።

ናትናኤል ሃብቶም ገብረስላሴ ምግል ተሪፉ፣ ናትናኤል ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን4/10/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቐረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ኒጓሲ ጺጋይ፣ ብፍ/በ/መ ወ/ሮ ለተንጓሴ ገብረማስቀል ኣብ ልዕሊኻ ንፈጸሚ ዝምልከት ክሲ ማስረታ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/7/23 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክርኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ኤልሳ ተኽሉ፡ ሓወይ ዳዊት ተኽለ ዓንደማርያም ካብ 01/2017 ኣትሒዙ ደሃይ ስለዘይብሉ፣ ናይ ጥፋእ ውሳነ ክወሃበኒ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ ን24/7/23 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተመናይ

ኣቶ የማነ ገብረሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣቦና ተስፋይ ገብረመድህን ወልደትንሳኤ ስለዝዐረፈ፡ 5 ኣሕዋቱን 30 ተተካእቲ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ከሳሲ ኣቶ ፊልሞን ተሸመ፡ ብመንገዲ ወኪሉ ኣኸበረት ገብረእግዚኣብሄር፡ ተኸሳሲት ዳይሞንድ ተማስገን ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣቶ ኣቤል በረኸት ተኪኡ፡ ኣቦይ በረኸት ተኪኤ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃናን ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ልኡላ ገብረማስቀል፡ ሓፍተይ ትርሓስ ገብረማስቀል ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ከሳሲት ወ/ሮ ጥና ታደሰ ትካቡ ተኸሳሲ ርቤል ሃብተ ገብረእግዚኣብሄር፡ በዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ማስረታትልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክርኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ኢሰይያስ ሳሙኤል ባየረ፡ ኣቦይ ሳሙኤል ባየረ ዑቕባጽዮን ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ-ቤት ፍርዲ ጸአዳት

ወ/ሮ መኣዛ ገብረልኡል እምባዩ፡ ኣደይ ኣሰካሉ ዑቕባዝጊ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጉዳይፍ

ወ/ሮ ርሻን ወልደገርግስ ተስፋሚካኤል፡ ወለድና ኣቶ ወልደገየርጊስ ተስፋሚካኤል ገብሩን ወ/ሮ ምሕረት ገብረማርያምን ስለ ዝዐረፉ፣ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ ኤልሳ ደብረጽዮን በርሀ፡ በዓል ቤተይ ተጋ. ገ/ሂወት ኣውድ ሓጎስ ስለዝተሰወኣ፡ ኣነ ምስ 6 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን18/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኤደን ወልደገርግስ ከሰተ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዛይድ ወልደ ማና ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት ወ/ሮ ለድያ ክብሮም ደባሱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ በርተሎሜዎስ ተወልደብርሃን ሓድጉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክርኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ኣብረሀት ኣርኣያ ሀብትክኤል፡ ኣቦና ኣርኣያ ሀብትክኤል ዓንደን ኣዴና ርሻን ዘርኡ ሰእላዪን ስለዝዐረፉ፣ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን9/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ወኪ.ድባ

ወ/ሮ ኣልጋሽ እርምያስ ግደ፡ ኣቦና እርምያስ ግደን ኣዴና ጸገወይኒ እምሃን ስለዝዐረፉ፣ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን20/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ፈለስቲ

1.ትምኒት ዓንደማስቀል ተኸስተ 2. የርዳኖስ ዓንደማስቀል ተኸስተ፡ ኣቦና ዓንደማስቀል ተኸስተ ስለዝዐረፈ፡ ንሕና ክልቴና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ወ/ት ብርኽቲ በየነ ናይዝጊ፡ ስም ኣደይ ገብረኣለ ኣፈወርቂ ወልደጋብር ምግል ተሪፉ፣ ኣስመረት ክፍሉ ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ትምኒት ግደ ገብረማርያም ምግል ተሪፉ፣ ትምኒት ግደይ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቐረብ።

ተስፋማርያም ኣማረ ኪዳነ ምግል ተሪፉ፣ ተስፋይ ኣማረ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ምሉብርሃን የሃንስ ኣብርሃ፡ ሓትነይ ሕርይቲ ኪዳነ ጸጉ ስለዝዐረፈት፡ ብሂወት ከሎ ኣብ ከተማ መንደፈራ ብስማ ዝተረጋገጸ ስፍሓቱ 250 ት/ሜ መሬት ዝተደኮ፡ ብለዋ ስለዝበደፈትለይ፡ ለዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ሞንጎቲ ን/ዞባ መንደፈራ

ኣቶ ኣሲያስ ሃይሉ፡ ኣደይ ፋና ገብረገርግስ ዓ/ብርሃን ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ጋ/ባርካ ሻምብቆ

ፍትሓዊት ናትናኤል ኪዳነ ምግል ተሪፉ፣ ፍትሓዊ ዳንኤል ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን26/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ ሂወት ይካኣሎ ዘረፈ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ተወልደብርሃን ደባስ ይሕደጎ ካብ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፣ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከተማ ዓደርደ ን/ዞ ኣቑርደት

ይሕደጋ ቀሊታ ተኽሊዩ፡ በዓልቤተይ ተኪኤ ሞባእ ፍረዝጊ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቀይ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ብስም ወ/ሮ ጉዑ ኪዳነ ሃብተ ብዋሕ/መሬትን ማይን ኣከባብን ብመ.ቁ. 314 ዝተመዝገበ ኣብ ዓዲ ሃለፉ ዞን 4 ፕሎት 5 ፓርሰል 'K' ብስመይ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ሰነድ መረበቢ ጤሳ ዓዲ ሃለፉ ስለዝጠፍኣኒ፡ ኣምሳይኡ ሓድሽ ክወሃበኒ ክሓትት ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ኣለኹ ዝበል እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ክቐርብ ወይ ደማ ብቑ.ተሌ 07478239 ክሕብረና፡ እንተዘይቀሪቡ ግና ኦርጂናል ሰነድ መረበቢ ጤሳ ከውጽእ ምዃነይ ኢሕብር።

ወ/ሮ ጉዑ ኪዳነ ሃብተ
ወኪል ኣቶ ኪዳነ ሃብተ

### ምልክታ ጨረታ

ዋንነት ኣይል ሊብያ ኤርትራ፣ ሓዚብማ ከምኡ'ውን ታም ኣይል ማሊንዲ ኤርትራ ዝኾኑ ንዊሕ ግዜ ኣብ መኽዘን ዝጸንሐ መለዋወጢ ኣቕሑ ብመልክዕ ጨረታ ክሸየጥ ስለ ዝተደልየ፡ ግዱሳት ተጫረትቲ ትዕድግሉ ዋጋ ኣብ ሰታሪት ዓሺግኩም ናብ ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈትና ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክተቕርቡ ንሕብር።

ዝርዝር ንብረት ንምርኣይ ኣብ ከተማ ምጽዋዕን ኣስመራን ዝርከብ መኽዘንና መጺእኩም ክትርእዩ ከም እትኽእሉ ብኣኽብሮት ንሕብር።

ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈትና መጺኹም ተወከሱ።

ትካል ኣይል ሊብያ ኤርትራ ኣስመራ

ብስም ክፍለ ምስዮና ደብሩን ኪዳነ ምስዮና ደብሩን ብቑ/መለለዩ ንብረት 1፡ 004396/1 ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ን/ዞባ ገዛ ጣንዳ ጎደና 1A198፡ ቁ/ገዛ 25 ፕሎት 253፡ ፓርሰል T ዝርከብ ገዛ ብምቕሊት በዘዴሕትና ክንመቀል ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፣ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቐረብ።

ክፍለ ምስዮና ደብሩን ኪዳነ ምስዮና ደብሩን

### ምልክታ ጨረታ

ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ፡ ናይ ተመሃሮ ተረፍ መረፍ መግቢ (ማኛ) ዝወስዱ ኮንትራት ስለ ዝመደበ፡ ንሓደ ዓመት ዝጸንሕ፡ ዚ. ዝስዕብ ረቛሕታት ዘማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ክጫረቱ ይዕድም፦

1. ናይ 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድኹ ናይ 2022 ግብሪ ከም ዝኸፈሉ መረጋገጺ ካብ ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን ወረቐት መንነት ቅዳሕን።
2. ሳንዱቕ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ድሕሪ 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ ንጽባሒቱ 9:30 ቅ.ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎም ኣብ ዝተረኸብሉ ይኸፈት።
3. መኽበሪ ጨረታ 15,000.00 (ዓሰርተ ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ C.P.O የትሕዙ።
4. ንዝርዝር መግለጽን ሓበሬታን ካብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳርን ፋይናንስን ኮሌጅ ሕክምናን ስነ-ፍልጠት ጥዕናን ኦሮታ ክፍሊ ዕድጊ ምውካስ ይከኣል።
መወከሲ ቁ.ቴሌፎን 163834/163467

ቤት ጽሕፈትና ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ውድድር ኵዕሶ እግሪ ተዛዚሙ

### ዓብላልነት ዞባ ማእከል ዝተራእየሉ ውድድር

ስእሊ፡ ኣቤል በረኸት







"ዕብዮት ብምዕሩይ ተኻፋልነት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ክካየድ ዝቖየ ሃገራዊ ውድድር ኵዕሶ እግሪ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ትማሊ 12 ሓምለ ብዓብላልነት ዞባ ማእከል ተዛዚሙ።

ኣብቲ ዕለት፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ፈለማ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጋንታታት ዞባ ማእከልን ደቡብን ንፍጻመ ተጻዊተን። ኣብ ናይ ምድብ ጸወታ፡ ማእከል፡ 15 ብዶ ተዓዊታ ብምንባራ ከኣ ኣብዚ ጸወታ'ውን ብዚዩ ዝኸፍ ተጻብኦ ክትዕወት ትጽበት ነይራ።

ከም'ቲ ግምት ዝተገበረሉ ከኣ ማእከል፡ ኣብ ራብዐይቲ ደቒቕ ብመገዲ ዳናይት ሰለሞን ልዩት መጋጥምታ ድሕሪ ምድፋራ፡ ብተኸታታሊ - ተጻወትቲ ደቡብ ሰምሃር ብርሃ ናብ ገዛእ ልዳታ፡ ፍትሓዊት የውሃንስ ድማ፡ ክልተ ሸቶታት ብምቕጻር ንዕረፍቲ 4ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ሸቶ ካብ ምውሳኽ ዝዓግታ ዘይነበረ እዛ ዞባ ካብ ዲያና እስቲፋኖስን ፍትሓዊትን ክልተ ሸቶታት ብምውሳኽ 6ብ0 ተዓዊታ። ሰለስተ ሸቶታት ዘመዝገበት ፍትሓዊት ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

ሰዓበን ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ማእከልን ዓንሰባን እየን ተፋሊመን። ኣብዚ ጸታ'ውን ብተመሳሳሊ ማእከል፡ ኣብ ሰለስተ ዝሓለፋ ግጥማት ሸቶ ከይተመዝገበ - ብመንጽሩ 20 ሸቶታት ኣመዝጊባ ብምምጻኣ፡ ነዚ ጸወታ ክትዕወተላ ዝጠዐለ ሚእታዊት ክውላ ናይ ግድን ነይሩ።

ዓንሰባ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ንላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ብኣእማኺ ወጽኢት ረቲዓ ብምሕላፋ፡ ናብዚ ጸወታ ፍናን ሰሪቓ እያ ኣትያ። ኣብ ቀዳሞት ደቓይቕ ሓደገኛ ፈተና ብምግባር'ውን ነቲ ሸቶ ዘይተመዝገቦ ልዩት ማእከል ክትተኵሕኵሕ ተራእያ። እንተኾነ ብፍላይ ብየማናይ ክንፊ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ትገብር ዝነበረት ማእከል እያ ቀዲማ ኣብ መበል 17 ደቒቕ ሸቶ ብምቝጻር መሪሕነት ሒዛ። እዛ ሸቶ፡ ተኸላኸሊ ዓንሰባ ናብ ገዛእ ልዳቱ እዩ ኣመዝጊብዋ።

ግብረ መልሲ ንምሃብ ዘይደንጎየት ዓንሰባ ብወገና፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ደቓይቕ ካብ ናህም ፍጹም ብልጽቲ ሸቶ ብምቝጻር ተመዓራርያ። በዚ ከኣ ናህም፡ ኣብዚ ውድድር ቀዳማይ ተጻዋታይ፡ ልዩት ማእከል ዝደፈረ ኮይኑ።

ይኹን እምበር፡ ብኽልተ ክንፊ ንዝበረ ድኽመት ዓንሰባ ዝመዝመዘት ትማሰል ማእከል፡ ኣብ መበል 24 ደቒቕ ብየማናይ ክንፊ ካብ ናኣድ ሃብተም ሸቶ ረኺባ - 2ብ1 መሪሓ። እዛ ንጸወታ ዝተቖጻጸረት ጋንታ፡ ኣብ ኣጋ ዕረፍቲ ወጽኢት ናብ 4ብ1 ዘዕረጋ ክልተ ሸቶታት - ካብ ናኣድን ኣሚር መርሃዊን ብምቝጻር ንዕረፍቲ ብዐቢ መራሒ ወጺኣ።

ካልኣይ እብረ፡ ሰለስት ደቓይቕ ጥራይ ምስ ተላዕለ፡ ተጻዋታይ ማእከል መድሃኔ ረዳእ ብመገዲ ፍጹም ቅላዕ ወጽኢት ናብ 5ብ1 ኣዕረገ። ብተኸታታሊ ከኣ ኣጥቃዓይ እዛ ጋንታ ሳልሕ ሰዑድ ክልተ ሸቶታት ብምውሳኹ፡ እቲ ኣብ ቀዳሞት ደቓይቕ ብመጠኑ ተወዳዳሪ መሲሉ ዝነበረ ጸወታ ብዓብላሊ ወጽኢት ማእከል - 7ብ1 ተዛዚሙ።

ብዘይካ'ዚ፡ ቅድሚ ቀትሪ ናይ ክልቲኡ ጾታ ናይ ደረጃ ጸወታ ተኻይዱ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲን ኣብ ምዱብ ግዜ 1ብ1 ድሕሪ ምፍልላየን፡ ብፍጹም ቅላዕ - ሰ/ቀ/ባ 4ብ2 ተዓዊታ ሳልሳይ ደረጃ ኣውሒሳ፡ ክልተ ቅላዕ ዘድሓነት ሓላዊት ልዳታ ሳዕድያ ሓሴን ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት እዛ ጸወታ ተጻዊዓ።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ላ/ት/ትምህርቲን ደቡብን ዝገጠማ ኮይነን፡ ደቡብ ብዐቢሕ 5ብ1 ብምዕዋት ተሸላሚት ኑሓስ መዳልያ ኮይና። ኣቦላ ኣቤል የማነ ድማ፡ ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ እዛ ግጥም ተዓዊቱ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ማእከል ዕወትቲ እዚ ውድድር ክትከውን እንከላ፡ ደቡብን ሰ/ቀ/ባሕርን ካልኣይተን ሳልሰይተን ወጺአን። ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ብተመሳሳሊ ማእከል ዕወትቲ፡ ዓንሰባን ደቡብን ድማ ተሸለምቲ ብሩርን ኑሓስን መዳልያ ኮይነን።

በዚ ከኣ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ዕወታት ዝኾና ዞባታት ብተኸታታሊ 100 ሽሕ፡ 75 ሽሕን 50 ሽሕን ናቕፋ ተዓዊተን። ብዘይካ'ዚ፡ ዝለዓለ ኣመዝጋቢት ሸቶ ኣብ ክልቲኡ ጾታ - ሳልሕ ሰዑድን ዲያና እስቲፋኖስን፡ ብሉጻት ተጻወትቲ - ፍትሓዊት የውሃንስን ናኣድ ሃብተምን፡ ብሉጻት ሓለውቲ ልዳት ሪም ረድኢን እሰይ ተሰፋዝጊን - ኩሎም ካብ ማእከል ኮይኖም፡ ነፍሲ ወከፎም ሓሓሙሽተ ሽሕ ናቕፋ ተሸሊሞም። ናይ ጠባይ ከኣ ደ/ቀ/ባሕርን ደቡብን ብተኸታታሊ ብደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ተሸሊመን።

**ትዕዝብቲ**

* ዕብለላ ማእከል ዝተራእየሉ ውድድር፡ ኣብዚ ማእከል ብኽልቲኡ ጾታ ዝተዓወተትሉ ውድድር፡ ኣብ ክልቲኡ ጾታ ከይተሳዕረት እኹል ሸቶ ጥራይ እያ ተመዝጊባ። እዚ ማለት፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ኣርባዕተ ግጥማት ኣሳሳሲላ 46 ሸቶታት ክተመዝግብ እንከላ - ዝኾነ ኣይተመዝገባን። ብተመሳሳሊ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣርባዕተ ግጥማት ኣካይዳ ብድምር 27 ሸቶታት ኣመዝጊባ - ሓንቲ ተመዝጊባታ።

* ሙብዛሕትኦም ኣሰልጠንቲ ናይ ዞባታት፡ ናይ መዳለዊ ሕጽረት ግዜ ከም ዝዘበርም እዩ ዝገለጹ። ንኣብነት፡ ንካልኣይ ዘውከለት ጋንታ፡ ተጻወትቲ ኣብ እዋን ትምህርቲን ፈተናን ብምንባርም እኹል ግዜ ከም ዘይረኸቡ ኣሰልጣኒኦም ይሕብር።

* ርእይቶ ናይ ሙብዛሕትኦም ኣሰልጠንቲ ዞባታት፡ ኣብ ዞባኦም ስሩዕ ውድድር ክስርዓሎም ይሓቱ። ንዕብለላ ዞባ ማእከል ክገልጹ እንከለዉ ከኣ ኣንጻር ዞባ ማእከል ዘይዳሉ ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ከም ዝገጠሙ ይገልጹ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ክንዲ እዮም ኣብ ክለባት ዝጻወቱን ዝተራእዩን ተጻወትቲ ምምጻእ ዕድል ዘይረኸቡ ተጻወትቲ እንተዝመጽኡ፡ እዚ ውድድር ሚዛናዊ ምኾነ በሃሉ እዮም - ብተወሳኺ ካልኦት ተጻወትቲ ክረኣዩ ዕድል ምረኸቡ።

ብዛዕባ'ዚ ውድድር ኣመልኪትና፡ ኣብ ሃገራዊ ፌደረሽን ዳይረክተር ተክኒክ ዳኒኤል የውሃንስ ካብ ዘቕረብናሉ ሕቶታት፡

**1. ብሓፈሻ ውድድር ሰሓቢዶ ነይሩ?**

ሰሓቢት እዚ ውድድር ብኽልተ ሸነኽ ክርአ ይከኣል እዩ። ቀዳማይ፡ ዞባ ማእከል ገዲፍካ ኣብ መንጎ ካልኦት ዞባታት ተመጣጣኒ ስለዝነበረ ሰሓቢ ነይሩ። ብመንጽሩ ግን፡ ዞባ ማእከል ዓብሊላ ብምቕራብ ሚዛናዊ ኣይነበረን።

**2. ምኽንያት ዕብለላ ዞባ ማእከል (ኣብ ክልቲኡ ጾታ) እንታይ እዩ?**

ዞባ ማእከል፡ ኩሉ ዓይነት ጸጋታት ዘማእከለት እያ ክበሃል ይከኣል። እዚ ማለት፡ ናይ ንጥፈታት ጸጋ ማለት ግራስ ሩት፡ ክረምታዊ ውድድር ምምሕዳራትን ኣብያተ ትምህርቲን ከም'ኡ'ውን ማእከል ኣካዳሚ ኵዕሶ እግሪ ከም መረብ ስቲት ንምጥቃስ ይከኣል። ንኣብነት ኣብዚ ውድድር፡ ኣብ መረብ ስቲት ዝሰልጠኑ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ንማእከል ወከሎማ እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ፋይናንስያውን ምምሕዳራውን ጸጋታት ስፖርት'ውን ካብ ካልኦት ዞባታት ዝሓሸ እዩ። ብተወሳኺ፡ ዓመታዊ ስሩዕ ውድድር ተራ ኣለዎ።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* እንግሊዛዊት ክለብ ኣስቶንቪላ ንማስርሕ ምስትጊጋር ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ ቪላሪያል ፓኡ ቶረስ ከምዝወድኣቶ ብወግዒ ኣፍሊጣ።

ቪላ ነዚ ተጻዋታይ ብ31.5 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዘፈረመቶ'ያ ትሕብር ዘላ። ቶረስ ለሚ




ዓመት ቪላሪያል ኣብ ማስርዕ ጋንታታት ላ ሊጋ ሰብዓይ ሓሙሻይ ተርታ ሒዛ ውድድር ክትፍጽም ዝለዓለ ኣበርክቶ ከም ዝነበሮ ዝኣመት።

* ብዕድመ ዝዓበየ ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ ዝኾነ ጃፓናዊ ካዚያሺ ሚራ ምስ ፖርቱጋላዊት ክለብ ኦሊቬረንስ ዘለዎ ውዕል ከም ዘናውሐ ሓቢሩ።

እዚ ወዲ 56 ዓመት ተጻዋታይ ዝሓለፈ ጥሪ'ዩ ካብ ጃፓናዊት ክለቡ የኮሃማ ብመልክዕ ልቓሕ ናብዚ ፖርቱጋላዊት ጋንታ መጺኡ። እዚ ተጻዋታይ፡ ለሚ ዓመት ሰለስተ ግዜ ተቐይሩ ናብ ሜዳ ኣብ ዝኣተወሉ፡ 28 ደቒቕ ክጻወት ክኢሉ'ዩ።

ንሱ ኣብ ምውዳእ ናይዚ ወቕቲ ጋንታኡ 4ብ3 ኣብ ዝዕወተትሉ ጸወታ፡ ንሓደት ደቓይቕ ተጻዊቱ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ክስም ክኢሉ ነይሩ'ዩ። ኣብ ኢጣሊያ፡ ክሮኤሽያን ኣውስትራልያን ናይ ጸወታ ግዜ ዘሕለፈ ሚራ፡ ኣብ 1986 እዩ ምስ ብራዚላዊት ክለብ ሳንቶስ ጸወታ ጀሚሩ። ንሱ ክሳብ ወዲ 60 ዓመት ዝኸውን ከም ዝጻወት ኣፍሊጡ ኣሎ።

* እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ቅድሚ ናብ ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ ምጋሻ ንሓላዊ ልዳት ኢንተር ሚላን ኣንድሬ ኦናና ከምትውድኣሉ ብርእሰ ተኣማንነት ገሊጹ።

እዚ ካሜሩናዊ ሓላዊ ልዳት፡ ተካኢ ናይቲ ዝሓለፈ ሰሙን ካብ ኦልድ ትራፎርድ ዝተፋነወ ዴቪድ ዲ ሄያ ክኸውን'ዩ ተሓጺዩ ዘሎ። ዩናይትድ ኣቐዲማ 38 ሚልዮን ፓውንድ ሒዛ ዝነበረቶ ፈተነ ክሰልጣ ከም ዘይከኣለ ይዝከር። ኢንተር ዋጋ እዚ ወዲ 27 ዓመት ሓላዊ ልዳታ 51 ሚልዮን ፓውንድ ምኻኑ'ያ ትሕብር።

* ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንኣጥቃዓይ ኣታላንታ ራስሙስ ሆይላንድ ንምፍራም ኣብ ትገብሮ ዘላ ጻዕሪ፡ ካብ ፈረንሳዊት ፒኤስጂ ብደሆ የጋጥማ ከም ዘሎ ተሓቢሩ።

ዩናይትድ ኣብ ልዕሊ ሃሪ ኬይን ዝነበራ ተገዳስነት ብሰንኪ ክብሪ ዋጋ ድሕሪ ምግዳፉ'ያ ነዚ ወዲ 20 ዓመት ዴንማርካዊ ተጻዋታይ ዓይና ኣውዲቓትሉ። እዚ ካብ ቀልጢፉ ደጋፊ ዩናይትድ ምኻኑ ዝሕበር ተጻዋታይ፡ ብውልቁ ምስ ሓለፍቲ ሬድ ዴቭልስ ተረዳዲኡ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕበር። ይኹን'ምበር፡ ኣታላንታ ካብዚ ተጻዋታይ 86 ሚልዮን ፓውንድ ክትክስብ ወጢና ብምህላዋ፡ ፒኤስጂ ላዕለዋይ ኢድ ክትሕዝ ተኽእሎ ኣሎ።

* ኣከፋፋሊ ጁቬንቱስ ፖል ፖግባ ካብ ስዑዳውያን ክለባት ጠለብ ረኺቡ። ብመሰረት ጋዜጣ ደሎ ስፖርት ዝርገሐቶ ሓበሬታ፡ ወዲ 30 ዓመት ፖል ፖግባ ንሰለስተ ዓመት ብ128 ሚልዮን ፓውንድ ክጻወት'ዩ ጠለብ ቀሪቡሉ ዘሎ።

* ወዲ 29 ዓመት እንግሊዛዊ ኣጥቃዓይ ሃሪ ኬይን ናብ ባየር ሙኒኽ ምኻዱ ከም ዘይተርፍ ምስቲ ተጻዋታይ ቀርበት ዝለዎም ወገናት ይሕብሩ ኣለዉ።

ይኹን እምበር፡ እቲ ተጻዋታይ ትማሊ ናብ ቦታ ልምምድ እታ ጋንታ ብምምጽኡ፡ ናይ ቅድመ ምድላዋት መጀመሪያ ንምክያድ ድሉው ከም ዘሎ ኣፍሊጡ። ኬይን ኣብ ቶተንሃም ክጸንሕ እንተደኣ ወሲኑ፡ ሰሙናዊ 400 ሽሕ ፓውንድ ክኽፈል ተኽእሎ ኣሎ።

## ኣል-ነስር ተቐጺዓ

ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ዝጻወተላ ሰዑዳዊት ክለብ ኣል-ነስር፡ ምስ ማስርሕ ምስትጊጋር ብዝተሓሓዘ ጉዳይ፡ ሓደስቲ ተጻወትቲ ከይተፈርም ብፊፋ ተቐጺዓ።

ትሸዓተ ግዜ ሻምፕዮን ሊግ ሰዑዲ ዓረብ ዝኾነት ኣል-ነስር፡ ሓንቲ ካብተን ህቡባት ተጻወትቲ ከፈርማ ዝጀመራ ቀዳሞት ክለባት እታ ሃገር እያ። እዛ ጋንታ፡ ንሮናልዶ፡ ዓመታዊ 173 ሚልዮን ዶላር ብምኽፋል ናብ ወሽመጥ ዓረብ ከተምጽኦ እንከላ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ወርሒ ከኣ ንኣከፋፋሊ ኢንተር ሚላን ማርሰሎ ብሮዞቪች ኣፈሪማ እያ።

ይኹን እምበር፡ ኣብዚ እዋን ብኣዕለዋይ ተጻዋዒ ኵዕሶ እግሪ ዝኾነ ፊፋ፡ ኣብዚ ክረምቲ ሓደስቲ ተጻወትቲ ከይተፈርም ተኣጊዳ ኣላ። እቲ ምኽንያት ከኣ፡ ኣል-ነስር፡ ኣብ ማስርሕ ምስትጊጋር ናይጀርያዊ ተጻዋታይ ሌስተር ዝነበረ ኣሕመድ ሙሳ፡ ነታ እንግሊዛዊት ክለብ ክትከፍላ ዝነበራ ተወሳኺ ገንዘብ ብዘይምኽፋላ እዩ።

ሙሳ፡ ኣብ 2018 ካብ ሌስተር ናብ ኣል-ነስር ክሰጋገር እንከሎ፡ 14 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝወጸሉ ይግለጽ። ይኹን እምበር፡ ፊፋ፡ እዛ ስዑዳዊት ክለብ ንሌስተር ሲቲ ምስ ብቐዓት እዚ ተጻዋታይ ተኣሳሲሩ ክትህባ ዝግብኣ '390 ሽሕ ፓውንድ' ከምዘይከፈለታ የረድእ። ፊፋ ብዘይካ'ዚ፡ ካብ 2021 ጀሚሩ እዚ መጠን ገንዘብ እንተዘይከፊሎቶ ሓደስቲ ተጻወትቲ ካብ ምፍራም ክትእገድ ከም እትኽእል ምጥንቃቑ ይግለጽ። ትማሊ ኣብ ዝወጸ ዜና ከኣ፡ ፊፋ ውሳነ ብምሕላፍ ቀጺዕዋ ኣሎ። እዚ መቕጻዕቲ፡ ክሳብ ሰለስተ ዓመታት (ንሰለስተ እብረ ማስርሕ ምስትጊጋር) ከምዝቕጽል ይግለጽ።

ይኹን እምበር፡ ወናኒ እዛ ጋንታ ዝኾነ ፒ.ኣይ.ኤፍ (PIF) ዝተባህለ ትካል፡ ነቲ እገዳ ንምልዓል፡ ሌስተር ንእትእውዶም ገንዘብ ብቕልጡፍ ክኸፍልዎ ምዃኖም ሓቢሩ ኣሎ።





# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## ፕረዚደንት ኢራን ኣብ ኣፍሪቃ ዑደት የካይድ ኣሎ

ፕረዚደንት ኢራን ኢብራሂም ራኢሲ፡ ኣብ ሰለስተ ሃገራት ኣፍሪቃ ዑደት ይፍጽም ኣሎ።

ዑደቱ ብኬንያ ዝፈለመ ፕረዚደንት ራኢሲ፡ ኣብ መንጎ ሃገሩን ሃገራት ኣፍሪቃን ጥቡቕ ቁጠባዊ ምትእስሳር ንምፍጣርን ኣተኩሮ ኣመራጋ ኣብ ልዕሊ ሓያሎ ሃገራት እተካይዶ በይናዊ እገዳ ብሓባር ንምምካትን ዝዓለመ ዑደት የካይድ ከምዘሎ እዩ ንጋዜጠኛታት ሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት ምስ ኬንያዊ መዘናኡ ዊልያም ሩቶ ድሕሪ ምዝርራብ፡ ኣብ መንጎ ኢራንን ኬንያን ቁጠባዊ ስምምዕ ክህሉ ዝሕግዝ መዘክር ከምዝኸፈተመ ተፈሊጡ። ምስ'ቲ ፕረዚደንት ዝተጓዕዙ ሚኒስተራት እውን ምስ ኬንያውያን መዘናታቶም ንቴክኖሎጂ ሓበሬታ፡ ምግፋፍ ዓሳ፡ ወጽኢት እንስሳን ወፍሪ መወዓውዕን ዝምልከት ሓሙሽተ መዘክራት ከምዝኸፈተሙ እዩ ተሓቢሩ።

ሓደ ኢራናዊ ፕረዚደንት ናብ ኣፍሪቃ ክመጽእ፡ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ዓመታት ለሚ ናይ ፈለማ ምዃኑ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ኣብ ናይሮቢ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ንኣፍሪቃ "ኣህጉር ዕድላት" ብምባል ዝጠቐሳ ፕረዚደንት ራኢሲ፡ ድሕሪ ናይ ኬንያ ዑደቱ ናብ ኡጋንዳን ዚምባብወን እውን ከምዝጓዓዝ ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ከምዝሓበሮ፡ እታ ሃገር ምስ ሃገራት ኣፍሪቃ እተካይዶ ናይ ንግዲ ምልውዋጥ፡ ለሚ ዓመት ናብ 2 ቢልዮን ዶላር ክበጽሕ ክተብሎ መደብ ኣላ።

እቲ ፕረዚደንት ኣቐዲሙ ናብ ሓያሎ ሃገራት ላቲን ኣመሪካ እውን ተመሳሳሊ ዑደት ከምዘካየደ ይፍለጥ።



## ፓኪስታን - ዕጡቓት ኣብ ልዕሊ ወተሃደራዊ መዓስከር መጥቃዕቲ ከፊቶም



ኣብ ደቡባዊ ፓኪስታን ዝንቀሳቐሱ መንነቶም ዘይተገልጹ ዕጡቓት ኣብ ልዕሊ ሓደ ወተሃደራዊ መዓስከር፡ ብናይ ኢድ ቦምባታትን ሮኬታትን ዝተሰነየ መጥቃዕቲ ከምዝኸፈቱ ሰብ መዚ ጸጥታ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

ኣብቲ መጥቃዕቲ ብውሑዱ 4 ወተሃደራት ፓኪስታን ከምዝተቐትሉን ካልኦት 5 ብጽኑዕ ከምዝቖሰሉን ክፍለጥ እንከሎ፡ ካብቶም ዕጡቓት ድማ 3 ከምዝተቐትሉ'ዩ ተሓቢሩ።

ኣብቲ ወተሃደራዊ መዓስከር፡ ኣብ መንጎ'ቶም ዕጡቓትን ወተሃደራት ፓኪስታንን ንሰዓታት ዝኣክል ናይ ተኹሲ ልውውጥ ከምእተኻየደን ድምጺ ቦምባታት ከምእተሰምዐን ኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ሰባት ገሊጾም።

ቡቲ መጥቃዕቲ ዝተቘጥዐ መንግስቲ ፓኪስታን ኣብ ልዕሊ'ቶም ሸበራውያን ምዃኖም ዝገለጾም ዕጡቓት ተቓወምቲ ተረር ስጉምቲ ከምዝወስድ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ድሮ'ውን ሓያሎ ኣባላት ጸጥታ ናብ ደቡባዊ ፓኪስታን ከምእተጓዕዙ እዮም ምንጪታት'ቲ ከባቢ ዝሕብሩ።

ኣብቲ ንፓኪስታን ምስ ኢራንን ኣፍጋኒስታንን ዘዳውብ ዞባታት ቦሎቺስታን፡ ቀጻሊ ወተሃደራዊ ግጭት ከምዝረኣ'ዩ ዝንገር።

## ህ.ሪ. ቻይና ብ'ሚተይን' እትሰርሕ ሮኬት ወንጪፋ

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ኣብ ዓለም ናይ ፈለማ ምዃና ዝተገልጸት 'ሚተይን' ብዝተባህለ ጋዝ እትሰርሕ ሮኬት ናብ ህዋ ከም ዝወንጨፈት ሓቢራ።

ብመሰረት ሓበሬታ ማዕከናት ዜና ቻይና፡ እታ ጁኽ-2 ዝተሰምየት ሮኬት ትማሊ ረቡዕ'ያ ካብቲ 'ውሽጣዊ ሞንጎልያ' ዝተባህለ ዞባ ዝርከብ መወንጨፊ ኾቸጣ ሳተላይት ናብ ህዋ ተበጊሳ። እቲ መስርሕ በራራ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተወጠነ ብዓወት ከምእተሰላሰለን፡ በዚ ድማ ቀዳመይቲ ብሚተይን ትሰርሕ ሮኬት ክትከውን ከምዝበቕዐትን ተገሊጹ።

ቻይና ዝሓለፈ ታሕሳስ ዘካየደቶ ናይ ፈለማ ፈተነ በረራ ሮኬት ጁኽ-2 ከይተዓወተ ምትራፉ ይፍለጥ።

ይኹን እምበር ኣብዚ እዋን እቲ ፕሮጀክት ምሉእ ብምሉእ ስለዝተዓወተ፡ ቻይና ንመወዳድርታ ቀዲማ ብሚተይን ትሰርሕ ሮኬት ናብ ህዋ ዝለኣኸት ሃገር ክትከውን በቒዓ ምህላዋ'የም ጸብጻባት ዝመልከቱ።

'ሚተይን' ዋጋኡ ሕሱር፡ ዝያዳ ድሕነት ዘለዎን ዝውሓደ ብከላ ዘስዕብን ዓይነት ጸዓት ብምዃኑ ካብ ካልኦት ዓይነታት ኑዳዲ ተመራጺ ከምዝኾነ ክኢላታት ይሕብሩ።

ቻይና ብዘውሳኺ ኣብ 2030 ናብ ወርሒ፡ ተመራመርቲ ዘሰፈራ ክልተ ሮኬታት ናይ ምልኣኽ ውጥን ከምዘለዋ ኣፍሊጣ ኣላ።

እቲ ውጥን ብዓወት እንተተዛዚሙ፡ ቻይና ድሕሪ ኣመሪካ ሰባት ናብ ወርሒ ዝለኣኸት ካልኣይቲ ሃገር ክትከውን እያ።

ቻይና ኣብ ተልእኾ ጠፈር ቀልጢፍ ምዕባለ ብምርኣይ፡ ኣብ ህዋ ምርምር ተካይደሉ ናይ ገዛእ ርእሳ ኾቸጣ ደኩና ከምዘላ ይፍለጥ።



## ኩባ፡ ንወተሃደራዊት መርከብ ኣመሪካ ኣብ ጓንታናሞ ተቓዊማ

መንግስቲ ኩባ፡ ኣመሪካ ናብ ገምገም ባሕሪ ጓንታናሞ ወተሃደራዊት መርከብ ትሕተ-ባሕሪ (ሳብማሪን) ከምዘንቀሳቐሰት ድሕሪ ምፍላጡ፡ ነቲ ተግባር ብትሪ ኮኒኑዎ።

"እዚ ስጉምቲ'ዚ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ዝጸንሐ ወጥሪ መሊሱ ዘጋድድ ተኸታቲ ተግባር'ዩ" ክብል ዝገለጹ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኩባ፡ እታ ሳብማሪን ዝሓለፈ ረቡዕ ናብቲ ገምገም ባሕሪ ከምዝኣተወትን ክሳብ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብኡ ከምዝጸንሐትን ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ "እታ ሳብማሪን 'ኣብቲ ሰላም ዝሰፈኖ ርጉእ ዞባ ንምንታይ ወተሃደራዊ ዕላማ ኣትያ? እቲ ክትወቕዖ ዝደለየት ዒላማ 'ከ እንታይ እዩ?' ኢልካ ክትሓትት ዘገድድ መስደመም ፍጻመ'ዩ" ክብል ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ወተሃደራዊ ህላወ ኣመሪካ ኣብ ዞባ ካሪብያን፡ ንልኣላውነትን ሃገራዊ ረብሓታትን ህዝብታት ላቲን ኣመሪካን ካሪብያንን ዓቢ ስግኣት ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ዋሺንግተን ናብ ገምገም ባሕሪ ጓንታናሞ ሳብማሪን ተንቀሳቕስ ዘሎ፡ ኩባ ኣብ መሬታ ንሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ ዘገልግል መሳለጥያ ንምውዳድ ምስ ሰበ-መዚ ቤይጂን ትዘራረብ ምህላዋ፡ ጋዜጣታት ኣመሪካ ዝሓለፈ ሰ ድሕሪ ምጽብጻበን እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ወርሒ'ቲ፡ እታ ኣብ ትሕቲ እገዳ ኣመሪካ እትርከብ ሩሲያ፡ ምስ ኩባ ጥቡቕ ወተሃደራዊ ምትሕግጋዝ ንኽህልዋ ክትሰርሕ ምዃና ገሊጻ ነይራ።

ኩባ ኣብ 1962 ባለስቲካዊ ሚሳይላት ሕብረትሶቭየት ኣብ መሬታ ክጽወድ ድሕሪ ምፍቃዳ፡ ካብ ሽዑ ኣትሒዛ ኣብ ትሕቲ ጽኑዕ ቁጠባዊ ማዕቀብ ኣመሪካ ከምእትርከብ'ዩም ጸብጻባት ዝሕብሩ።

ኩባ እቲ ኣብ ጫፍ ደቡባዊ ምብራቕ ግዝኣታ ዝርከብ መሬትን ገምገም ባሕርን ጓንታናሞ፡ ኣብ ትሕቲ ዘይሕጋዊ ገባጣ ኣመሪካ ከምዘሎ'ያ ትገልጽ።

እቲ ኣስታት 117 ትርብዒት ኪሎ-ሜትር ዝስፍሓቱ መሬት፡ ምስ ባሕሩ ኣብ እዋን ውግእ ሽፓኛ - ኣመሪካ (1898) ብሓይሊታት ኣመሪካ ከምእተወረረ፡ ሰነዳት ታሪኽ የመልክቱ።



## ሰ/ኮርያ፡ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ሚሳይል ወንጪፋ

ሰሜን ኮርያ፡ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ክኸውን ከምዝኽእል ዝተገልጸ ባለስቲካዊ ሚሳይል ከምዝወንጨፈት፡ ሰበ-መዚ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን ሓቢሮም።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ጃፓን ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እቲ ናይ ነዊሕ ርሕቀት ምዃኑ ዝጠርጠሮ ባለስቲካዊ ሚሳይል፡ ን74 ደቓይቕ ዝኣክል ከምእተወንጨፈን ክሳብ 6 ሽሕ ኪሎሜትር ብራኸ ከምዝበጽሐን ገሊጹ።

እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ እቲ ሚሳይል ንኣስታት ሓደ ሽሕ ኪሎሜትር ድሕሪ ምጉዓዙ፡ ኣብ ማያት ምብራቓዊ ክፋል ሓውሲ-ደሴት ኮርያ ከምዝወደቐ ሓቢሩ።

ኣብ ሊትዌንያ (ዋዕላ ኔቶ) ዝርከቡ መራሕቲ ደቡብ ኮርያን ጃፓንን፡ ብዝሃበቲ ሓደሽ ምዕባለ ክዘራረቡ ትጸቢት ኣሎ።

ጃፓን ንተግባራት ሰሜን ኮርያ፡ "ንኡናት ዝተኸታተሉ ሓደገኛ ስጉምቲ" ብምባል ድሮ ኮኒናቶ ኣላ።

ድሮ'ውን ቡቲ ኣብ በይጂን ዝርከብ ዲ ፕ ሎ ማ ሲ ያ ዊ መስመራ ኣቢላ ናብታ ሃገር ጥርዓን ኣቕሪባ ኣላ።

ሰሜን ኮርያ ከም ኣካል ናይቲ ዘመናዊ ዕጥቂ ዝዓጠቐ ዘመናዊ ሰራዊት ንምህናጽ እተካይዶ ዘላ ጻዕራታት፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ጥራይ ሕጂ ንመበል 12 ግዜኣ እያ ሚሳይል ትውንጭፍ ዘላ።

እታ ሃገር ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ዘውጽኣቶ መግለጺ፡ ነቲ ኣመሪካ ኑክሌሳዊ ሚሳይል ዝዓጠቓ መራኽብ ትሕተ-ባሕሪ (ሳብማሪን) ኣብ ከባቢ ማያት ሓውሲ-ደሴት ኮርያ ንምውፋር ኣውጺኣቶ ዘላ ውጥን ድሕሪ ምኽናኑ፡ ነተን ኽሊ-ኣየራ ጥሒሰን ዝበራ ናይ ስለያ ነፈርቲ ኣመሪካ ተኩሳ ክትወድቐን ምዃና ኣጠንቂቓ ነይራ።



ተረኛ ፋርማሲ
ቤት መሸጣ መድሃኒት ጎዳይፍ

ዕለት
13/07/2023

ጎደና
ጎደና እምበረሚ 755፡ ከባቢ ሚኒስትሪ ሕርሻ

ቁ.ስልኪ
181672

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565